# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.106 ዓርቢ 2 ጥሪ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጨውን ጥዕናን



ገጽ 3
ቀንዲ ኣህጉራዊ ፍጻመታት 2025



ገጽ 4
ገለ-ጾንግበር፡




ገጽ 5
ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን



ገጽ 11
ጨ/ሚኒ/ትም/ን/ዞ/ሰሜናዊ ምብራቕ ቅድድም...



## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ካልኣይ ዋዕላ ሚኒስተራት ሽርክነት ሩስያን ኣፍሪቃን ተሳቲፉ




ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ19ን 20ን ታሕሳስ ኣብ ካይሮ - ግብጺ ኣብ ዘተቓፀ ካልኣይ ዋዕላ ሚኒስተራት ሽርክነት ሩስያን ኣፍሪቃን ተሳቲፉ፡፡

ኣብ'ቲ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ዶ/ር በድር ዓብደልዓጢ ዝተኸፍተ ዋዕላ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌ ላቭሮቭ ኣብ ዘሰመዮ መደረ፡ ሩስያ ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ንምትሕግጋዝ ድልውቲ ምዃና ኣረጋጊጹ፡፡

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ግብጺ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሰዕን ሓላፊ ዜናን ባህልን ኣቶ ሓቢብ መሓመድ-ዑስማንን ንኤርትራ ወኪሎም ከምዝተሳተፉ፡ እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ፡፡

ብኻልእ ወገኑ ንኤርትራውያን ተቐማጦ ካይሮ፡ ኣብ ኣሰራርሓ ቈንስላዊ ኣገልግሎትን ሃገራውያን ውዲባትን ዘተኮረ ህዝባዊ ሰሚናር ብ28 ታሕሳስ ተኻይዱ፡፡

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ኣማን ዓብደልዋሰዕ ብዛዕባ ቈንስላዊ ኣገልግሎትን ኣሰራርሓ ኤምባሲን፣ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ መሐመድኑር እድሪስ ድማ ብዛዕባ መደብ ስራሕ ሃገራውያን ውዲባት መብርሂ ብምሃብ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ካይሮ ውዲባቶም ክሐይሉ ኣዘኻኺሮም፡፡

ብኻልእ ወገኑ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ፍራንክፈርት - ጀርመን ኣቶ ክብረኣብ ተኽስተን ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዐመ ሃይለን፡ ብ20 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ክለን ሰሚናር ኣካዪዶም፡፡

እቲ "ምብራኽ ንቕሓት ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ኣብ ልኡላውነትን ሕጋውነትን ኤርትራ" ብዝብል ኣርእስቲ ብኣባላት ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ክለንን ከባቢኣን ዝተወደበ ሰሚናር፡ ኣብ ህልው ኩነታት ዓለምን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን፣ ቀዳምነታት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፣ ከምኡ'ውን ተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ዘተኮረ ነይሩ፡፡

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ንሃገራዊ ተልእኾ ዝሕግዝ ሃናጺ ርእይቶታትን ለበዋታትን ድሕሪ ምቕራብ፡ ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም ካብኡ ዝሕተት ከምዝምልኡ ኣረጋጊጾም፡፡

## ፎርቶ-ሳዋ፡ ረብሓታት ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ተዘትዩሉ

ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ፡ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ምርግጋጽ ብቑዓት ተመሃሮ ዘለዎ ረብሓታት ኣብ ግምት ኣትዩ ብሰፊሑ ይስራሓሉ ከምዘሎ ተገሊጹ፡፡

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ዓብደላዚ ሳልሕ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቐዲሙ ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ኣብ ሓውሲ ከተማ ፎርቶን ምምሕዳር ከባቢ ግርማይካን ጥራይ ተደሪቱ ብምንባሩ፡ ብዙሓት ቈልዑ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ዕድል ክረኽቡ ከምዘይጸንሑ፣ እዚ ድማ ኣብ ብቕዓት ተመሃሮ ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ 30 ሓያሎቲ ናይ ቅድመ-ትምህርቲ ትካላት ብምውዳደን ዝበረ ድኑታትን ከምእተፈትሐን ቁጽሪ ተመሃሮ ከምዝወሰኸን ኣብሪሁ፡፡

ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብቑጽሪ ጥራይ ዘይኮነ ብዓይነት'ውን ከምዝመሓየሻ ንምግባር ይስራሕ ከምዘሎ ዝጠቐሰ መምህር ዓብዱላዚ፡ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ዝግበር ወፍሪ ነቲ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ዝድለ ብቕዓትን ወጽኢትን መሰረት ስለዝኸኑ፡ ከም ማእከል ዝዑበረ መደብ ተታሒዙ ዕቱብ ጻዕሪ ይካየድ ከምዘሎን ጸቡቕ ወጽኢት ከምእተረኽበን ኣረዲኡ፡፡

ብቕድመ-ትምህርቲ ዝሓለፉ ህጻናት ጸብለልታ ከምዘለዎም ዝጠቐሰ ሓለፍትን መምህራንን ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብወገኖም እዚ ኣብ ግምት ኣትዩ ብደረጃ ዞባ ዝተዋደደ ዘሎ ወፍሪ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ'ውን እወታዊ ወጽኢት ደርኺቡ ከምዘሎ ገሊጾን፡፡

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ መምህር ዓብዱላዚ ሳልሕ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ብቛንቋታት ዓረብ፡ ትግረን ትግርኛን ዝምሃሩ 32 መውዓሊ ህጻናት ተኸፊተን ኣገልግሎት ይህባ ከምዘለዋ፡ ቁጽሪ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ዝተመዝገቡ ቈልዑ ድማ ካብ 25 ሚእታዊት ናብ 75 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ ብምጥቃስ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ ዕቱብ ምክትታል ክገብሩለን ኣተሓሳሲቡ፡፡

## ዓንሰባ - ኣብ ምውጋድ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ዝተመዝገበ ዓወት ተመጕሱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ምውጋድ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት፡ ንምጥፍኡ ዝዘሎ ቁራጽነት ዘርኢ ከምዝኾነ፡ ብ29 ታሕሳስ ኣብ ከረን ኣብ ዝተገብረ ገምጋም ተገሊጹ፡፡

ኣብ'ቲ ንጥፈታት ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ንምግምጋም ዝተኻየደ ርክብ፡ እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ኣወንታዊ ለውጢ ከምዘይተርፍ ገሊጹ ኣብ ዝዓለም ልምዲ ንኽጽንቀቕ፡ ሓበሬታ ዝሃቡ ሚኒስተር ልኡል ገብረኣብ፡ ብዘተረኽበ ዓወት ከይተዛነኹ፡ ደግሲ ንኽዩጋጥም ብወህደት ክስራሕ ከምዝዮቦኢ ኣስሚሪቶሉ፡፡

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ 2025 ንደብስ ሰድራ ስውኣት ልዕሊ 24 ሚልዮን ናቕፋ፣ ንስንኩላን ኩናት ድማ ልዕሊ 5 ሚልዮን ናቕፋ ከምዝተኸፍለ ተሓቢሩ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ንግዳ፡ ሰንዓን ሕርሻን ኣብ ልዕሊ ዝጠፍኡ 900 ትካላት፡ ንውዕል ስራሕ፡ ምክልኻል ሓደጋ፡ ጥዕናን ጽሬትን ሰራሕተኛታት፡ ኣተሓሕዛ መዛግብትን ካልእን ዝምልከት ቁጽጽራዊ ንጥፈታት ከምዝተኻየደ፣ ጉድለት ዝተረኽቦን ድማ ክኸም ክብደቱ መጠንቀቕታን መቕጻዕትን ከምእተበየነሎን ተገሊጹ፡፡

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዘካየድዎ ዘተ፡ ኮማዊ ደገፍ ተሃድሶን ልምዓትን ብዝሓየለ ክስራሓሉ፣ ንጸገማት ዝግበር ደገፍ ካፍሰም ንክኽእሉ ዝዓለመ ክኸውን፣ ብጉዳይ ወይ ጥራት ዝጣየሱ ዜጋታት ግቡእ ምክትታል ክግበረሎም፣ ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት መሰሎምን ግቡኦምን ዝፈልጡሉ ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ክውደብ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም፡፡




ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ተስፋጽዮን ግርማይ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ጎዳኢቲ ልምድታት ንምውጋድ ብሓያል ወህደት ዝተኻየደ ንጥፈታት ብቐጻሊ ክስራሓሉ ብምልባው፡ ሰድራ ሰማእታት ንምድጋፍ ብተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ዝግበር ዘሎ ዝተፈላለየ ሓገዛት ብኸሉን ኣካላት ክሰዓብ ኣዘኻኺሩ፡፡



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጨውን ጥዕናን

ጨው ኣብ ኣካላትና ዓቕሩን መጠኑን ዝሓለወ ፈሳሲ ንኽህሉ ይጠቕመና። ኣካላትና ልዕሊ ንብር መቑጸ ከይፈጥር ወይ'ውን ካብ ደገ ከይኣቱ ይከላኸለልና። ብወቕዒ ናይ ጸሓይ ንኸይንጥቃዕ ይሕግዘና። ጨው ምውሳድን ብዙሕ ማይ ምስታይን ብምሽምቓቕ ጭዋዳ ንኸይንህሰ የድሕነና። ጨው ኣብ ኣካላትና ንዘተኣከበ 'ካርቦን ዳይኦክሳይድ' ብቐሊሉ ንደገ ክወጽእ ይጠቕመና። ኣብ ኣካላትና ዝፍጠሩ ንጥረታት 'ኤለክትሮላይት' ከም ኡ'ውን ዋህዮታት ኣካላትና ዝካየድዎ ግሉኣስ ናይ ምምጻይ መስርሕ የመዓራርየልና።

ንዋህዮታት ቀርበትና ካብ ደርቀት ስለ ዘከላኽሎም፡ ልሙጽን ዘይዓጠረን ቀርበት ሰብነት ክህልወና ይሕግዘና። ጨው ኣብ ንጥረታት ሓንጎል'ውን ኣዝዩ ኣገዳሲ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

**ጨው እንታይ እዩ?**

ጨው ኣብ ኣመጋግባና ኣዝዩ ኣገዳሲ ምንጪ 'ሶድየም' ኮይኑ ዘገልግል ማዕድን እዩ። ብኬሚካላዊ ወህዱቱ 'ሶድየም ክሎራይድ' (nacl) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ። እዚ 40 ሚእታዊት 'ሶድየም'፡ 60 ሚእታዊት ድማ 'ክሎራይድ' ዝተባህለ ባእታታት ይሓቁፍ።

ጨው ኣብ ፋብሪካታት ክምስራሕ እንከሎ 'ኣዮዲን'፡ 'ኣይረን' ከም ኡ'ውን 'ፎሊክ ኣሲድ' ይሕወሶ እዩ።

ጨው ኣብ ኣገዳስቲ ኣካላዊ ዕማማት ዓቢ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ - ኣካላዊ ፈሳሲ ኣብ ምምዕርራይ፡ ኣብ ጥዕና መትኒ፡ ኣብ ንጥረታት ጭዋዳ ከም ኡ'ውን ኣብ ምምጻይ መኣዛ የገልግል።

ኩሎም እንወስዶም መግብታት ናይ 'ሶድየም' ትሕዝቶ ኣለዎም። ዋላ እኳ ምቁር ጣዕሚ ዘለዎም መግብታት - ከም ባኒ፡ ኣእካል፡ ስጋ፡ ዝተቐልወ ድንሽ፡ መረቕ ወዘተ።



ካብ ግዜ ጥንቲ ኣትሒዙ ጨው ኣብ ምዕቃብ መግቢ ንምዕቃብ (food preservation) ከገልግል ጸኒሑ እዩ። ጨው ባክተርያ ንኸይፈርዩ ስለ ዝከላኸል፡ መግቢ ንዊሕ መዓልታት ከይተበላሸወ ክዕቀብ የኽእል።

ጨው ካብ መሬት ይዕደን። ናይ ባሕሪ ማይ ከም ዝነፍፍ ብምግባር'ውን ጨው ክሕረስ ይከኣል እዩ።

**ልዑል ዓቐን ጨው ብምዃር ትሑት ዓቐን ጨው**

ዝበዝሐ ጨው ኣብ ኣብ ዝተዓሸጉ መግብታት፡ ባኒ፡ መመቀሪ መግቢ ተባሂሉ ኣብ ዝዳሎ ቀመማት፡ ዝተቐልወ ድንሽ፡ ከም ፒሳን በርገርን ዝኣመሰሉ ዝተዳለዉ መግብታት ወዘተ እዩ ዝርከብ። ውሑድ ዓቐን ጨው ዘለዎም መግብታት፡ ሓዲሽ ፍሩታ፡ ኣሕምልቲ፡ ጸብ ወዘተ ክጥቀስ ይከኣል።

ሓደ በጽሒ ኣብ መዓልቲ ካብ 2.3 ግራም ዘይዛይድ ጨው ክወስድ እዩ ዝምከር። እዚ ምስ ሰለስተ ርብዒ (¾) ማንካ ሻሂ እዩ ዝመጣጠን። ዚ ዓቐን እዚ ብልክዑ ንምፍላጡ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል እዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣብቲ መዓልታዊ ንወስዶ መግቢ፡ ካብ ቢ ጀሚርካ ትሕዝቶ ጨው ከም ዘለዎ ኣስተብሂልና፡ ንወስዶ ዓቐን ንምልክዑ ምጽዓር።

**ልዕሊ ዓቐን ጨው ምውሳድ ዘለዎ ሳዕቤን**

ሶድየም ንጥረታት ጭዋዳን መትንታትን ብዓበኡ ክሰላሰል ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ። ምስ ክሎራይድ ተሓዊሱ ኣብ ኣካላትና ዝህሉ መጠን ማይን ማዕድናትን ይዕቅብ። ክንደይ ጥቕሙ፡ ልዑል ዓቐን ጨው ምውሳድ ናይ ባዕሉ ጉድኣት ኣለዎ። እቲ ጉድኣት ናይ ሓጺር እዋን ወይ ናይ ነዊሕ እዋን ክኸውን ይኽእል።

**ኣብ ሓጺር እዋን ዝርአ ሳዕቤን**

ኣብ ሓንቲ መኣዲ'ውን ትኹን፡ ብዙሕ ጨው ምውሳድ ኣብ ሰብነትና ናይ ሓጺር እዋን ሳዕቤን የኸትል እዩ።

**ምዕቃብ ማይ**

ብዙሕ ጨው ምስ እንወስድ፡ ኩሊትና ነቲ ኣብ ሰብነትና ዝህሉ ዓቐን ቅማረ ሶድየም ምስ ማይ ምእንቲ ክመዓራረ፡ ኣብ ኣካላትና ብዙሕ ማይ ከም ዝዕቀብ ትገብር። ኣብ ከምዚ ኩነት ሰብነትና ዝተቐበበን ዕምብሹብሽ ዝበለን ኮይኑ ክስመዓና ግድን ይኸውን። ኣብ ሰብነትና ዝህሉ ማይ ብሪሃጽ ይኹን ብሽንቲ ከምቲ ዝድለ ኣይወጽእን። ብኡ መንጽር ክብደት ሰብነትና ክውሰኽ ይርአ።

**ምውሳኽ ጸቕጢ ደም**

ጨው ዝበዝሐ መግቢ ምውሳድ፡ ብሸምብቆታት ደም ናይ ዝውሕዝ ዓቐን ደም ከም ዝበዝሕ ይገብር። እዚ ኩነት'ዚ ግዝያዊ ምውሳኽ ጸቕጢ ደም የስዕብ እዩ።

**ተደጋጋሚ ጽምኣት**

ጨው ዝበዝሖ መግቢ ምውሳድ፡ ኣፍና ስለ ዘደርቕ እናሻዕ ማይ ክንጽምእ ንርኢ ኢና። ብዝበዝሐ ማይ ምውሳድ ንባዕሉ፡ ነቲ ኣብ ሰብነትና ክህሉ ዝኽእል ዓቐን ቅማረ ሶድየም ምስ ጨው ንምምዕርራይ ይሕግዝ እዩ።

ልዕሊ ዓቐን ማይ ምስታይ'ውን ንባዕሉ፡ ኣብ ኣካላትና ናይ ዝህሉ መጠን ሶድየም ልዕሊ ዓቐን ክዛይድ ይገብር። እዚ ድማ 'ሃይፐርናትረምያ' (hypernatremia) ዝተባህለ ጥዕናዊ ጸገም የኸትል።

'ሃይፐርናትረምያ' ማይ ካብ ዋህዮታት ወጺኡ ኣብ ደም ከም ዝውህለል ምኳን ማለት እዩ። ብኣግኡ ክፍወስ ምስ ዘይክእል፡ ጽርውርው ምባል፡ ሕውዝውዝ ምባል፡ ሃለዋት ምጥፋእን ሞትን ከኸትል ይኽእል።

**ኣብ ነዊሕ እዋን ዝርአ ሳዕቤን**

ኣካላትና ብዓበኡ ክፀዱ ጨው ዘድልዮ'ኳ እንተኾነ፡ ዓቕኑ ምስ ዝሓልፍ ግና ንጥዕናና ይፈታተኖ እዩ።

**ንጥዕና ልቢ ክጎድእ ይኽእል**

ልዕሊ ዓቐን ጨው ምውሳድ ጠንቂ ልዑል ጸቕጢ ደም እዩ። ጸቕጢ ደም ንባዕሉ ናብ ድኻም ልቢ እዩ ዘብጽሕ። ልቢ ብዓበኡ ደም ክትጭንገዕ ናብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ የብጽሕ።

**ልዑል ዓቐን ጨው ምስ እንወስድ እንታይ ክንገብር ኣለና?**

ፈለማ ኣብ ኣካላትና ዝህሉ መጠን ቅማረ ሶድየም ምስ ማይ ምእንቲ ክመዓራረ እኹል ማይ ክንወስድ የድሊ።

ልዑል ትሕዝቶ ፖታሽየም ዘለዎም መግብታት ምውሳድ'ውን ኣገዳሲ እዩ። ፍረታት፡ ኣሕምልቲ፡ ፋሉ፡ ጥረታት ወዘተ ብትሕዝቶ ፖታሽየም ዝሃብተሙ መግብታት እዮም። ፖታሽየም ምስ ሶድየም ብምትሕብባር ፈሳሲ ኣካላትና ኣብ ምምጥጣን ልዑል ግደ እዩ ዘለዎ።

ኣብ ቀጻሊ ንወስዶ መግቢ ዘለዎ ትሕዝቶ ጨው ክንጉድል ይግባእ። ተመስሪሑም ኣብ ዝመጽኡ ዓይነት መግብታት ዘሎ ዓቐን ጨው ኣድህቦ ምግባር ኣገዳሲ እዩ። ኩሎም ዝተዓሸጉ መግብታት ልዑል ትሕዝቶ ጨው ከም ዘለዎም ኣስተብህል።

ባዕልና ኣብ ዘይኑዳልዎም መግብታት፡ ንኣብነት ኣብ ከም ባኒ ሕንጻሻ ካልእን ዘሎ ዓቐን ጨው ምስትብሃል'ውን ኣገዳሲ እዩ።

**ትሕቲ ዓቐን ጨው ምውሳድ ዘፈጥሮ ጥዕናዊ ጸገማት**

ከምቲ ልዒሉ ዝተገለጸ፡ ልዕሊ ዓቐን ጨው ኣብ መግብና ምውሳድ ኣብ ጥዕናና ከቢድ ሃሰያ እዩ ዘለዎ። ትሕቲ ዓቐን ጨው ምውሳድ ከ ጥዕናዊ ጸገም ከም ዘለዎ ንፈልጥ ዶ?

ደምና ጨው ምስ ዝውሕዶ፡ ንጥረታት ናይ 'ኤለክትሮላይት' (ብምንቅስቓስ ኣየን፡ ኤለክትሪክ ዝውሕዘሉ ዘይሚታላዊ መተሓላለፊ) ናይ ኣካላትና ስለ ዝጎድል፡ 'ሃይፖናትረሚያ' (hyponatremia) ብዝተባህለ ጥዕናዊ ጸገም ክንሳእሰ ንግደድ - እዚ ንህይወትና ዘፈታትን ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ሓደ በጽሒ ኣብ መዓልቲ ክህልኾ ዝግባእ መጠን ጨው 2.3 ግራም፡ ልዕሊ 50 ዓመት ዕድመ ምስ ገበረ ድማ፡ 1.5 ግራም ጨው ክወስድ ይምከር። ካብዚ ዝተጠቕሰ መጠን ኣዚና ምስ እንጎድል ግና ጥዕናዊ ጉድኣት እዩ ዘውርደልና።

ኣብ ደምና ትሑት ዓቐን ጨው ምህላው ብቐሊሉ ክፍወስ ናብ ዘይክእል ጥዕናዊ ጸገም እዩ ዘምርሓና። እቲ ጸገም ክሳብ ናይ ሓንጎል ፅንወት ስለ ዘውርድ፡ ንሞት ከቃልዓና ይኽእል። እዚም ዝስዕቡ ኣብ እንወስዶ መግብና መጠኑ ዝሓለወ ጨው ክህልኽ ብዘይምጽናሕና ክፍጠሩ ዝኽእሉ ጸገማት ጥዕና እዮም።



**ትሑት ጸቕጢ ደም (hypotension)፦** 'ሃይፖተንሽን' ሓደገኛ እዩ። ምድንዛዝ፡ ተምላስ፡ ምጥፋእ ወናዊ ምሕውዛዋዝ ዓይኒ፡ ቃዛናት ከም ኡ'ውን ደርቀት ገለ ካብቶም ምልክታቱ እዮም።

**ንቕጸተ-ሰብነት፦** ጨው ሓደ ካብቲ ጥቕሙ፡ ኣብ ሰብነትና ንዝህሉ ዓቐን ፈሳሲ ምዕቃብን ምምዕርራይን እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ኣካላትና ትሑት ዓቐን ጨው ምስ ዝህሉ ንንቕጸተ ሰብነት ኢና ንቃላዕ።

ምንቃጽን ምቅርራፍን ቀርበት ሰብነት፡ ምድራቕ ኣፍን ጽምኣት ማይን ገለ ካብቶም ምልክታት ንቕጸተ-ሰብነት እዮም። ቀልጢፉ ምስ ዘይፍወስ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ሞት ከስዕብ ይኽእል።

ብዕድመ ዝደፍኡን ዝተመጣጠነ ኣመጋግባ ዘየዘውትሩን ሰባት ንንቕጸተ-ሰብነት ተኣፈፍቲ እዮም።

**ትሑት ዓቐን ሶድየም ኣብ ደም፦** ትሑት ዓቐን ጨው ጠንቂ 'ሃይፖናትረሚያ' (hyponatremia) እዩ። እዚ ኣብ ደም ዝህሉ ዓቐን ሶድየም ትሒቱ ከም ዘሎ ዘመልክት ሕማም እዩ።

**ብሃይፖናትረሚያ ዝተጠቕዑ ሰባት ናይ መትኒ ጸገም እዮም ዘርእዩ -** ንኣብነት ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ፡ ምንፍርፋር፡ ምውህላል ማይ ኣብ ሓንጎል፡ ምጥፋእ ወናዊ ከም ኡ'ውን ሞት።

**ኢንሱሊን ናይ ምጽዋር ዓቕሚ የጋድዶ፦** ብመሰረት ገለ ሳይንሳዊ መጽናዕትታት፡ ኣዝዩ ውሑድ ጨው ዘለዎ መግቢ ክምገቡ ዝመርጹ ሰባት፡ ዝጸበዮ ተጻዋርነት ንኢንሱሊን ኣለዎም። ኢንሱሊን ዓይነት ነዛዚ (ሆርሞን) ኮይኑ ምንዕዓዝ ሽኮር (ግሉኮዝ) ካብ ደም ናብ ዋህዮ የቀላጥፍ።

**ዕቓብ/ ዝቐባበ ማይ፦** ኩሉ ሰብ ከም ዝፈልጦ ልዑል ዓቐን ጨው ዘለዎ መግቢ ምውሳድ ብዙሕ ማይ ክንስቲ ስለ ዝገብር፡ ኣካላትና ብዙሕ ማይ ክዕቅብ ይግደድ። ኣዝዩ ውሑድ ወይ ድማ ጨው ዘይብሉ መግቢ ምውሳድ'ውን ተመሳሳሊ ጸገም ከም ዘስዕበልና ኣስተብሂልናሉ ንፈልጥ ዶ? እዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኣትሌታት ጎሊሑ ዝርአ ጸገም እዩ። ዋሕዲ ጨው ወይ ደርቀት ኪጋጥሞም እንከሎ ኣእጋሮም ክሓብጥን ማይ ክምዑግን ይርአ። እዚ ኣብ ኣካላትና ዝህሉ መጠን ፈሳሲ ብፍላይ ማይ ምጡን ብዘይምኻኑ ዝርአ ጸገም እዩ።

**ሃርሃርታ ናይ ሓንጎል፦** ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ ኣካላትና ውሑድ ጨው ምስ ዝህሉ ናይ ማይ ዝቐባበ የጋጥም እዩ። እዚ ድማ ኣብ ከባቢ ሓንጎልና ማይ ንኽዕቆር ጠንቂ ይኸውን። እቲ ዝዕቆረ ማይ ኣብ ልዕሊ ንጥረታት ናይ ሓንጎል ዘይተደልየ ጸቕጢ ስለ ዘውርድ፡ ንምጥፋእ ወናን ሞትን ዝተቓልዕና ንኸውን።

**ሓደጋ ሞት፦** ብዋሕዲ ጨው ክስዕብ ዝኽእል ሞት፡ ብፍላይ ኣብ'ቶም ብሕማም ኩሊትን ዝተፈላለዩ ሕማማት ልብን ዝተጠቕዑ ሰባት ኣዝዩ ብዙሕ ምኻኑ ሕክምናዊ ጸብጻባት የመልክቱ።

**ምንጪ፦** health is wealth

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቀንዲ ኣህጉራዊ ፍጻመታት 2025

ሚርያም ኣብርሃም

## ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኻልኣይ እብረ ተዓዊቱ

ዶናልድ ትራምፕ፡ ንኻልኣይ እብረ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ድሕሪ ምዕዋቱ፡ ብ20 ጥሪ 2025፡ መበል 47 ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኮይኑ ቃለ ማሕላ ፈጺሙ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ንቀንዲ መውዳድርቱ ንዝነበረት ካማላ ሃሪስ ስዒሩ እዩ ናብ ስልጣን ደይቡ።

ዶናልድ ትራምፕ ፕረዚደንት ኣመሪካ ኮይኑ ንኻልኣይ ግዜኡ ድሕሪ ምዕዋቱ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራውያንን ኣህጉራውያንን ጸላታት ብዙሕ ለውጥታት ጌይሩ እዩ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ኣመሪካ ክትከተሎ ንዝጸንሐት ናይ ወጻኢ ፖለሲታታ ክቕልሶ እንከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ንግዳዊ ፍርያት ንዝጸንሐ መጠን ቀረጽ ደማ ብዕጽፍታት ክም ዝወሰኸ ጌይሩ።

ብፕረዚደንት ኒኳስ ማዱሮ ንዝምራሕ መንግስቲ ቨንዙዌላ ንምእላይ እውን ካብ ዝሓለፈ ጥቕምቲ ኣትሒዙ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ወተሃደራውን ቁጠባውን ጸቕጥታት ይገብር ኣሎ።



ኣብ ልዕሊ ትካላት ቬንዙዌላ'ውን እገዳታት ኣጽዲቑ።

ብተወሳኺ፡ ኑቲ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ከቢድ ሰብኣዊ ቅልውላው ዘስዓበ ኩናት ደው ንምባል፡ ምስ ሓያሎ መራሕቲ ሃገራት ብምዃኑ፡ ኣብ መንጎ ዕጡቕ ጉጅለ ሓማስን እስራኤልን፡ 20 ነጥብታት ዝሓዘ እማመ ሰላም ከም ዝኽተም ጌይሩ።

## ርክብ ዶናልድ ትራምፕን ቭላድሚር ፑቲንን ኣብ ኣላስካ

ኲናት ዩክሬን ደው ንምባል፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ምስ መራሒ ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ ተደጋጋሚ ርክብ ክካይድ እንከሎ፡ ኣብ ወርሒ ነሓሰ ድማ ምስ ፕረዚደንት ሩሲያ ቪላድሚር ፑቲን፡ ንፈለማ እዋን ኣብ ክፍለ ሃገር ኣላስካ ተራኺቡ ተዘራሪቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ፡ መራሕቲ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ዝደሰከለ ሕሳብት ሩሲያ ንዩክሬን ከመሓብ ንዝነበለ እማመ ብምንጻግ፡ ኣብ ክንዳኡ ካብ ወለድ ናጻ ዝኾነ 105 ቢልዮን ዶላር (90 ቢልዮን ዩሮ) ክለቅሕዋ ኣብ ስምምዕ በጺሖም።

እቲ ንዩክሬን ክወሃብ ዝተወሰነ ቢልዮናት ዶላር፡ ኣብ ዝቕጽል ክልተ ዓመታት ንዘድልያ ወተሃደራውን ቁጠባውን ሕጽረታት ከማልኣላ ምዃኑ፡ ፕረዚደንት ባይቶ ሕብረት ኤውሮጳ ኣንቶኒዮ ኮስታ ኣፍሊጡ።

## ምውላዕ ግጭት ታይላንድን ካምቦድያን

ድሕሪ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣብ ዝሓለፈ ሕዳር፡ ግጭት ታይላንድን ካምቦድያን ዳግማይ ተወሊዑ።

እዘን ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት፡ በቲ ኣብ መንጎአን ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ፡ ብኸቢድ ብረት፡ ሚሳይላትን ነፈርቲ ውግእን ኣብ ዝተሰነየ ከቢድ ወተሃደራዊ ረጽሚ ተጸሚደን ቀንየን።

በቲ ሽዑ ዝተወልዐ ግጭት፡ እቲ ፈኸም ክብል ዝጸንሐ ምትፍናን ታይላንድን ካምቦድያን ናብ ዝለዓለ ጥርዙ ክበጽሕ ክኢሉ እዩ።

ከም ሳዕቤኑ፡ ካብ ክልቲኡ ወገን ብውሕዱ 43 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 130 ሰባት ድማ ቆሲሎም።

እቲ ዝተኻየደ ግጭት፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣብ መንጎአን ካብ ዝተኻየዱ ወተሃደራውያን ረጽምታት እቲ ዝሓየለ ኮይኑ እዩ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ዘሎ።

እዘን ክልተ ኣብ ደቡብ ኤስያ ዝርከባ ሃገራት፡ በቲ ቅድሚ ሓደት ኣዋርሕ ብሃንደበት ዝተወልዐ ግጭት፡ ነንሕድሕደን ክወቓቐሳ ከም ዝጸንሓ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎአን ዝተፈጥረ ግጭት ኣማኢታት ክሰሕብ እንከለዉ፡ ዶባተን ድማ ከም ዝዓጸዋኦ ይፍለጥ።

## ግጭት እስራኤልን ኢራንን

ኣብ ወርሒ ሰነ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ኢራን ከቢድ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ኣካይዳ። መኣዝን ቦታታት፡ መዓስከራት ሰራዊትን ትካላት መፍረ ሚሳይላትን ዝርከብዎም ሓያለ ትሕተ ቅርጽታት ኢራን፡ ቀንዲ ዒላማታት ናይቲ ሽዑ ዝተኻየደ መጥቃዕትታት እዮም ነይሮም።

እቲ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ 'ውግእ 12 መዓልታት' ተባሂሉ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ድሒርም ሓይልታት ሓለዋ እስላማዊ ሰውራ ኢራን ከም መልሰ ግብሪ ናይቲ መጥቃዕቲ ኣብ ዘወሰዱዎ ስጉምቲ፡ ኣብ ውሽጢ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ ማእከላትን መደበራት ሓይሊ ኣየርን ዘጠቓለለ 10ታት ዒላማታት ከቢድ መጥቃዕትታት ኣካይዶም።

## ኣብ'ዘን ዝሓለፉ 11 ኣዋርሕ፡ ኣብ መላእ ዓለም ሓድሽ ክብረ-ወሰን ዝሓዘ መጠን ሙቐት ተመዝጊቡ

ዓመት 2025፡ ሕልፊ ካልኦት ዝሓለፉ ዓመታት እታ ዝወዐየት ዓመት እያ ተባሂላ።

ዓለማዊ ዋዒ ዝጠንቁ ምውሳኽ መጠን ሙቐት፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ዓለምና ሰፍ ዘይብል ዕንወት ከውርድ ተራእዩ።

ኣብዛ ዝሓለፈት ዓመት፡ ኣብ መላእ ዓለም ክሊማዊ ለውጢ ብዘጠንቆ ሓደጋታት፡ ናይ ኣሽታት 105 ቢልዮን ዶላራ ክሳራታት ወሪዱ።

ኣብ ከተማ ሎስኣንጀለስ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ቬትናም፡ ህንዲ ፓኪስታን፡ ጃማይካን ፊሊፒንስን ኣብ ዝተፈላለዩ ወርሓት ናይዛ ዝሓለፈት ዓመት ብዘጋጠሙ ሓደጋታት ዕልቕልቕ፡ ባርዕ ጫካን ህቦብላዊ ዝናብን ከቢድ ሰብዊን ንዋታዊን ክሳራታት ወሪዱ እዩ።

## ምኽታም ወተሃደራዊ ውዕል ኣብ መንጎ ኣመሪካን ስዑዲ ዓረብን

ኣብ ሕዳር 2025፡ ኣመሪካን ስዑዲ-ዓረብን ሓድሽ ውዕል ምክልኻል ክቲመን።

ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ወራሲ ዓራት ንግስነት ስዑዲዓረብ ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማንን፡ ኣብ ከተማ ዋሺንግቶን ተራኺቦም ናይ ኣስታት 142 ቢልዮን ዶላር ውዕል ምክልኻል ክቲሞም።

ክልቲኦም መራሕቲ፡ ኣብ መሸጣ ኣጻዋር፡ ሲቪላዊ ኒኩሌሳዊ ምትሕግጋዝ፡ ኣርቲፊሻላዊ ብልሕን ኣገደስቲ ማዕድናትን ኣመልኪቶም እውን ኣብ ስምምዕ በጺሖም እዮም።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ድሕሪ እቲ ወራሲ ዓራት ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን ናብ ዋሺንግቶን ዘየደ ምብጻሕ፡ "ካብ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ወጻኢ ዝዓበየት መሓዛ ኣመሪካ" ክብል ንስዑዲ ዓረብ ረቒሑዋ።

## ዝምታ ቤተ መዘክር ኣብ ፈረንሳ

ኣብ ሚያዝያ 2025፡ ኣብ ከተማ ፓሪስ - ፈረንሳ ካብ ዝርከብ ቤተ ማዘክር 'ሉቭር'፡ 88 ሚልዮን ዶላር ዝዋግኦ ዘውዲ ናይታ ብዓልቲ ቤት ናፖልዮን ሳልሳይ ዝነበረት ዩጂኒ ተሰሪቓ።

ቤተ መዘክር ሉቭር ሓደ ካብ ዓበይቲ ኣብያተ ማዘክር ዓለምና ብምዃኑ፡ እቲ ዝተፈጸመ ዝምታ፡ ንሓለዋን ጸጥታን ናይ'ቲ ቤተ ማዘክር ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእተወ'ዩ ነይሩ።

እቲ ኣብ ቤተ ማዘክር ሉቭር ዝተፈጸመ ዝምታ ሸውዓተ ደቓይቕ ክወስድ እንከሎ፡ ፈጸምቱ ኑቲ ስርቂ ብኣገዙ ዝተራቐቐ ኣገባብ እዮም ፈጺሞሞ ተባሂሉ።



እቲ ዝተሰርቀ ንብረት ካብ'ቲ ዋጋኡ ንላዕሊ፡ እቲ ታሪኻውን ባህላውን ኣገዳስነቱ ከም ዝዓበ፡ ሚኒስተር ባህሊ ፈረንሳ ራቺዳ ዳቲ ኣብቲ ሽዑ እዋን ኣረዲኣ።

## ወተሃደራዊ ገስጋስ 'ኤም-23' ኣብ ምብራቓዊ ደ.ሪ.ኮንጎ

ኣንጻር ሓይልታት መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ዝዋጋእ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ኣብ 2025 ንብርክት ዝበላ ስትራተጂያውያን ከተማታት ናይ'ታ ሃገር ተቖጻጺሩ።

ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 7 ኣዋርሕ ጥራሕ፡ ኤም-23፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ንዝርከባ ስትራተጂያውያን ከተማታት በናጋና፡ ማሲሲ ፡ ክዋንጃ፡ ኪቻንጋ፡ ሩባዩ፡ ሩሹሩ፡ ጎማ፡ ቡካቩን ክቆጻጸር ክኢሉ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ፡ ኣብ ከባቢ እዘን ብማዕድናት ሃብታማት ምዃነን ዝፍለጣ ከተማታት ልዕሊ ሰለስተ ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ተቐቲሎም።

ብዘይካ'ዚ፡ ካልኦት ኣሽታት ፍርቂ ሚልዮን ዜጋታት እውን ካብ መረበቶም ተመዛቢሎም - ብመሰረት ጸብጻባት።

ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሳዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዓስኪሮም ዝርከቡ ዕጡቓት ኤም-23፡ ክሳብ'ቲ መራሕቲ ኮንጎን ሩዋንዳን ብመንጎኛነት ኣመሪካ ኣብ ዋሺንግተን ስምምዕ ሰላም ዝኸተሙሉ ግዜ፡ ነታ ሃገር ርግኣትን ቅሳነትን ከሊኦማ ከም ዝጸንሑ'ዩ ዝነገረሎም።

## ሕልፈት መራሒ ቫቲካንን ምሻም ሓድሽ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳትን

መራሒ ቫቲካን ርእሰሊቃነ ጳጳሳት ኣቡነ ፍራንሲስ ብ21 ሚያዝያ ብሕማም ድሕሪ ምዕራፎም፡ ዜግነት ኣመሪካ ዘለዎም ኣቡነ ሮበርት ፕረቮስት፡ ሓድሽ ርእሰሊቃነ ጳጳሳት ካቶሊካዊ ቤተ ክርስትያን ዓለም ኮይኖም ተሸይሞም።

ኣቡነ ፍራንሲስ ኣብ መበል 88 ዕድመኦም ብሕማም ድሕሪ ምዕራፎም እዮም፡ ኣቡነ ሮበርት ፕረቮስት 'ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቡነ ሊዮ መበል 14' ብዝብል ስም ሓድሽ መራሒ ካቶሊካዊ ቤተ ክርስትያን ዓለም ኮይኖም ክሸየሙ ክኢሎም።



ኣቡነ ሊዮ መበል 14፡ ፈላሚ ኣመሪካዊ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ክኾኑ ብምኽኣሎም'ውን ፍሉይ ኣቓልቦ ክረኽቡ ክኢሎም እዮም።

## ምኽታም ስምምዕ ተጻብኦ ኣብ ቓዛ

ኣብ ወሽመጥ ቓዛ፡ ኣብ መንጎ ሓይልታት እስራኤልን ምንቅስቓስ ሓማስን ዝነበረ ንዝነበረ ኣዕናዊ ውግእ ደው ንምባል፡ ኣብ መንጎ ክልተኦም ወገናት ስምምዕ ምቁራጽ ተኾሲ ተፈጺሙ።

ፈለማ ኣብ ወርሒ ሕዳር፡ ፕረዚደንት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል ቤንያሚን ናታንያሁን ኣብ ጉዳይ ኲናት ቓዛ ኣመልኪቶም ኣብ ስምምዕ በጺሖም።

ድሒሩ ድማ ፕረዚደንት ትራምፕ ናብ ግብጺ ተጓዒዙ፡ ኣብቲ ታሪኻዊ ምንባሩ ዝተኣገረሉ ዋዕላ ሰላም ማእከላይ ምብራቕ ተሳቲፉ።

ብመሰረት እቲ ሽዑ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ብምንቅስቓስ ሓማስ ጅሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ 20 እስራኤላውያን ናብ ሃገሮም ተመሊሶም።

ኣብቲ ሽዑ እዋን ኑቶም ጅሆታት ንምቕባል ኣስታት 65 ሽሕ እስራኤላውያን ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ኣብ ዝርከብ ኣደባባይ ከም እተረኽቡ እውን ጸብጻባት የመልክቱ።

ብኻልእ ወገን ድማ፡ ካብነ ማእስተራት እስራኤል፡ 1,718 ፍልስጤማውያን እሱራት ናጻ ክለቐቑ ክኢሉ እዩ።

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

8ይ ክፋል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

ኣብ ዝሓለፈ ሻብዓይ ክፋል ናይ'ዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ግንባር ባርካ - ብፍላይ ጸላኢ ኣጸዋዊዑ "ከርከበት ግንባር" - ብሸመይን መዓስከ በየናይ ክፍለጦራት ጸላኢን ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባርን ከም እተማስረተ ርኢና ነይርና። ኣብ መወዳእታ ኹሉ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ምስ ምጅማር 6ይ ወራር ንግንባር ባርካ ኣበይ ኮይኑ ክምክቶን ከደምስሱን ከም ዝኸእል ስትራተጂያዊ ቦታ - ኣብ ማእከል ከርከበት ከቢድ ሽኮርን ማእከል ሳታን - ክፅሕ ብምውሳን መከላኸሊ ድፋዓቱ ክሃንጽ፣ ብኸንፈ ሓልሓል ንዝመጽእ ስግኣት ንምውጋድ'ውን ኣብ ከባቢ ሚይኣዋልድ ብኸልተ ቦጦሎኒታት ከም ዝጸዓ፣ ብሸነኽ ሩባ ዓንሰባ'ውን ብዘመኮሰ ዓቕሚ ሰራዊት ክሕዞ ከም ዝተገብረ ገሊጽና ነይርና። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፤

ብወገን ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ግንባር ናይ ኣተሓሕዛ ድፋዕ ምስትኽኻል ክጉበሩ ከለዉ፡ ጸላኢ'ውን ነቲ ወራር መበገሲ ዝኾኖ ቦታ ንምሓዝን ኣተሓሕዛ ማእከል ህዝባዊ ሰራዊት ብልክዕ ንምፍላጥን ካብ ከርከበትን ሩባ ባርካን ብምብጋስ፡ ናብኣተን ገጹ ፍሉጥ ይብልን ስለያዊ መጽናዕቱ ይቕጽልን ነበረ። ኣብ ከባቢ ካብን ዝበረ ሓይሊ ተጋደልቲ ብርክት ዝበለ ስለ ዝበረ ግን፡ ናብዚ ቦታ'ዚ ብድፍረት ክጽጋዕ ኣይከኣለን። ኣተሓሕዛ ተጋደልቲ ብልክዕ ንምፍላጥ'ውን ጸገም ነይሩዎ።

ብወገን ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ካብኡ ዓረዳይቡ ሃራብሰዌንትን ኣልኤፍን ስሊያ ጉጅለታቱ እናለኣኸ ብምጽናዕ ንጸላኢ ኣብ ድቡያ እናእተወ ብርክት ዝበለ ጸረ-ስለያውን ደምሳሲ መጥቃዕትን ይወስድ ነበረ። ጸላኢ፡ ኣብ ዝበጽሖ ከይበጽሐን ዝፍጠሮ ፍረ ከይረኣየን ኣብ መንገዲ ከሎ ብተጋደልቲ ቀጻዪ ጸፍዒት ይወርዶ ስለ ዝበረ፡ ክንድ'ቲ ኣገዳሲ ዝበሃል ሓበሬታ ይረክብ ኣይነበረን። ኣብ ዝተቐጻጸሮ ቦታታት ኮይኑ ወተሃደራዊ ንጥፈታቱ ምግባር ግን ይቕጽል ነበረ። ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ኣብ ሃደምደሞ፡ ሓመላይት፡ ከርከበት፡ ሆሚቢን ሩባ ባርካን ኮይነን ሓፈሻዊ ልምምዳትን ምቅርራባትን፣ ምውድዳብ ዕጥቅን ስንቅን ፖለቲካዊ ኣስተምህሮን ኣብ ምግባር ጸዑቕ ምንቅስቓሳት ነይሩወን። ግን ኣብ ቅድሚ መከላኸሊ ማእከል ህዝባዊ ሰራዊት ቀሪቡ ድፋዓት ተጋደልቲ ንምጽናዕን ከቢድ ብረት ንምእሳርን ውሑድ ስጉምታት'ዩ ወሲዱ። ብቐንዱ ሕጽረት ሓበሬታ ስለ ዝበሮ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ግንባር ባርካ ካብ ከበቲ ጀንገሬን ክሳብ ከበቲ ሳታ ተዘርጊሖም ዝበሩ ኣሃዱታት ጸላኢ፤ ካብ መንጥር እዝ 2ይ ክፍለጦር ኣብ ክንፊ ሓልሓል፣ ካብ ናደው እዝ ተራራ ክፍለጦር 18 ከም ትሕጃ ኣብ ከረን፣ ካብ መብረቕ እዝ ተራራ ክፍለጦር 21 ክንፊ ከርከበት ኩር፡ ከምኡ'ውን ክፍለጦር 24 ምስ ሰንጥቕ ሜካናይዝድ ብርጌድ ኣብ ክንፊ ሳታ ተዘርጊሖም ነይሮም። ጸላኢ፡ ኣብዚ ግንባር'ዚ ሓዚዎ ዝበረ ዕላማ፡ ን21 ተራራ ክፍለጦር ከም ቀንዲ ኣጥቃዒ ሓይሊ ብሸነኽ ከርከበት ኣሰሊፉ፡ ብሸነኽ ኩር ኣቢሉ ንዓዳይትን ገበይ ጻዕዳ ድሕሪ ምጥሓሱ ዛራ ኣትዩ ንሓሰታ ክፃኽፃኽ ተልእኾ ተዋሂቡዎም።




ግንባር ባርካ

እቲ ብሓልሓል ዝተሰለፈ 2ይ ክፍለጦር ድማ ኣብ ቅድሚኡ ንዘጋጥሞ ተቓውሞ ጠሓሒሱ፡ ነቲ ካብ ከርከበት፡ ብኩርን ዓዳይትን ናብ ዛራ ዝሓልፍ ናይ 21 ተራራ ክፍለጦር ንምድጋፍ። ብተወሳኺ፡ ንድፋዓት ተጋደልቲ ብድሕሪት ኣትዩ ንምፍራስን ኣጠቓለሉ ክፍጽም ተልእኾ ዝተዋህቦ ነበረ። ተልእኾ ክ/ጦር 24 ከኣ፡ ካብ ከርከበት ተበጊሱ፡ ንሰሜን ገጹ ተንቀሳቒሱ፡ ካብ ደጀን ብቦርኛ ኣቢሉ ንሱዳን ዝወስድ ጽርግያ ብምዕጻው፡ ካብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓደ ተጋዳላይ'ውን ይኹን ንሱዳን ዘህድም ከፋት መንገዲ ከም ዘይርከብ ምግባር። ስለ'ዚ ንግንባር ባርካ ኣብ ምፍራስን ምኽርዳንን ዓቢ ተራ ክጻወት ተልእኾ ተዋሂቡዎ ነይሩ።

### 21ኛ ተራራ ክፍለጦር

መብዛሕትኦም ኣባላት ናይ'ዚ ክፍለጦር'ዚ ካብ 16 ክሳብ 20 ዓመት ዕድመ ዝበሮም መንእሰያት እዮም። ኣብ ኣኽራናትን ሰናጭሮን ንዘካየድ ዓይነት ውግእ ተጻወሮን ብቕዓትን ክህልዎ ተባሂሉ ብፍሉይ ናይ ደባይን ስልትታትን ተዓሊሙ ዝወጸ እዩ። ኣብ ታዕሊም ኣስታት ሽዱሽተ ወርሒ ስልጢኑ ኣብ ወርሒ ማስከረም 1981 ታዕሊም ወዲኡ ናብ ትግራይ ተንቀሳቒሱ። ግን ኣብ ካልእ ቦታ ናይ ውግእ ተመኩሮ ከይደለበ ካብ ታዕሊም ወጺኡ ብቐጥታ ናብቲ ከበድ ኩናት ኤርትራ ዝኣተወ ነበረ።

ንዕጥቂ ብዝምልከት፡ ዝበለጸ ዕጥቂ ሐዙ ከም ዝተዓጥቀ ዝፍለጥ። እቲ ክፍለጦር፡ ክሳብ 35 ዝበጽሕ 14.5 ረሻሽ ሞርታራት፡ ብሬናትን ካልእ ፈኮስቲ ኣጽዋርን ዓጢቑ ነይሩ። ደርግ "ወራር ኣልፋ" ኣብ መወዳእታ ወርሒ 12/1981 ኣብ ኤርትራ የካይድ ኣብ ዝበረሉ፡ ኣሃዱታት ናይ'ዚ ክፍለጦር'ዚ፡ ካብ ዓዲተከሌዛን ናብ ከባቢ ከረን ብምዝርጋሕ፡ ክሳብ ሓጋዝ ናይ ዝበረ ዞባ ናይ ሓለዋ ሓላፍነት ተቐቢሎ'ዮም ጸኒሖም። ክፍለጦር 21፡ ድሕሪ'ዚ ወፍሪ'ዚ ብምልኡ ተቐይሩ ኣብ ግንባር ባርካ ኣትዩ። እቲ ክፍለጦር፡ ንብርጌዳት 44፡ 46፡ 47 ሐዙ ክሳብ ምጅማር 6ይ ወራር በዘቐኑብ ካብ ከባቢ ሓልሓል ናብ ኩር ክቕርብ ጸኒሑ። ብርጌድ 45 ግን ከም ናይ ሰሜን እዝ ተወርዋሪ ኮይኑ ኣብ ኣስመራ ተሪፉ ነበረ። ኣብ መወዳእታ፡ ምሉእ ዓቕሚ ናይቲ ክፍለጦር ናብቲ ህዝባዊ ሰራዊት ዓሪዱሉ ዝበረ ቦታታት ድሕሪ ምጽጋዑ ብዕለት 18/2/1982 ውግእ ገጢሙ።

### 24ኛ ክፍለጦር

መበል 24 ክፍለጦር፡ ሻድሻይ ወራር ቅድሚ ምጅማሩን መበል 21 ተራራ ክ/ጦር ናብ ግንባር ባርካ ድሕሪ ምእታዉን ነተን ንግዚ ሃይል 504 ኣቐሚን ዝበራ ብርጌዳት ጠርኒፉ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1981 ዝቖመ ኣወዳድባ ሰራዊት እዩ። ፈለማ ከም ክ/ጦር ኮይኑ ክፍለጥ ኣብ ዝጀመረሉ፡ 14ኛ፡ 16ኛ፡ 17ኛ፡ 18ኛ ዝተባህላ ብርጌዳትን፡ ከምኡ'ውን ካብ ብርጌዳት 26ኛን 28ኛን ተዋጺኡ ዝቖመ ሰንጥቕ ብርጌድ ይሓቁፍ ነበረ። ኣብ ትሕትት'ቲ ሰንጥቕ ብርጌድ ዝበራ ሻለቃታት ከኣ፡ 76ኛ ናይ ታንከኛ ሻለቃ፡ 77ኛ ናይ መድፍዕ ሻለቃ፡ 78ኛ ናይ ጸረ ነፈርቲ ሻለቃ እየን።

ተልእኾ መበል 24 ክ/ጦር፡ ብሰሜናዊ ምዕራብ ባርካ ተጠውዩ፡ ብሩባ ሰልዓ ኣቢሉ ብምእታው፡ ናብ ሱዳን ዝተሓላለፍ ማእከል መንገዲ ህዝባዊ ግንባር ንምዕጻውን ብምዕራብ ኮይኑ ንተጋደልቲ ንምኽርዳንን ነበረ። ቅድሚ ምጅማር ወራር ከም ፍሉይ ኣሃዱ ኮይኑ ዝተንቀሳቐሰሉ ታሪኽኳ እንተዘይነበረ፡ ኣብ ናይ ወርሒ ሕዳር 1981 ውግእ ግንባር ከርከበት ግን ብቐዓቱ ተመዚኑ እዩ። ህ/ሰራዊት ኣብ ግንባር ባርካ መጥቃዕቲ ኣብ ዝኸፈተሉ እዋን ናይ



ናይ ተክኒክ ክኢላታት

ኣሃዱታቱ ናይ ውግእ ክእለትን ፍናንን ተቓለዐ ጸኒሑ'ዩ። ናይ 504 ግብረ ሃይል ኣዘዝቲ ዝበሩ ባዕላቶም ከም ዝተኣመኑሉ፡ እቲ ኣጋር ሰራዊት ኣትከሉ ዘይዋጋእን ጽንዕ ናይ ውግእ ዲሲፕሊን ዘይነብሮን'ዩ።

### ኮማንድ ፖስት ወራር ቀይሕ ኮኮብ

ብመሰረት ኣዚ 2ይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ነበር ሚ/ጀነራል ሓሰን ኣሕመድ



ዘመናውያን ሄሊኮፕተራት

"መስዋእትነት እና ጽናት" ኣብ ዝብል ኣርእስቲ መጽሓፉ፡ ኣብ ንኡስ ኣርእስቲ የሰሜን ግንባር ጦር ወሎ ገጽ-124 ተጻሒፉ እንረኽቦ ታሪኽ፡ ሻድሻይ ወራር ክጅመር ከሎ፡ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ኣስመራ'ዩ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት (ኮማንድ ፖስት) ከፊቱ። ነቲ ኩናት መምርሒታት ብምሃብ ዘወሃህዱ ዝበሩ ላዕለዎት ኣዘዝቲ፤

1) ብ/ጀነራል ተስፋየ ገብረኪዳን - ሚኒስተር ምክልኻል

2) ብ/ጀነራል ገብረስ ወልደሃና - ናይ ምክልኻል ጉዳይ ፖለቲካ ሓላፊ

3) ብ/ጀነራል ፋንታ በላይ - ኣዛዚ ሓይሊ ኣየር

4) ኮመደር ተስፋየ ብርሃኑ - ኣዛዚ ሓይሊ ባሕሪ

ኣሰላልፋ ዓውደውግእን ምደባ መራሕቲታቱን ኣመልኪቱ ኣሰፊሩ ከም እንረኽቦ ከኣ፤

1) ውቃው እዝ ግንባር ኣልጌና (ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል) ብ/ጀ ኣበራ ኣበበ ኣዛዚ፣ ምክትሉ ኮ/ል ሐሴን ኣሕመድ

2) ናደው እዝ ግ/ናቕፋ ብ/ጀ ወብቱ ጺጋየ ኣዛዚ፣ ኮ/ል ደርጋኣለም ተኽለሃይማኖት ምክትል

3) መብረቕ እዝ ግንባር ከርከበት፣ ብ/ጀ ቁምላቸው ደጀኔ ኣዛዚ

4) መክት እዝ ናይ ኣውራጃታት ከበሳ ሓለዋ ድማ ብዑቦዱላሂ ዑመር

ኣብ ትሕቲ እዚ ውቃው ክፍለጦራት 15፡ 19፡ 23 ከም ዝተመደባ፣ ኣብ ትሕቲ እዚ ናደው ዝበሩ ሓይልታት፡ ኣንበሳ 3ይ ክፍለጦርን 17 ክፍለጦርን፣ ኣብ ትሕቲ መብረቕ እዝ ተመዲቦም ነይሮም ዝበሉ ድማ 21ን 22ን ተራራ ክፍለጦራት ነይሮም ይብል።

**ሌ/ኮሎኔል ቦኽረጽዮን ገብረሚካኤል (ኢ.ፒ.ኣር.ፒ)**

**ይቕጽል**



ተጋደልቲ ኣብ ህጁም



መንግስቱ ኣብ መንጎ ኣማኸርቱ

# መልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና፡ 131-7 ቊ.ገዛ 02 ብፍ/ፍቓድ ዋኒን ASL00041603፡ ናይ ፋርማሲ ትካል ብስም ወ/ሮ ሩታ የውሃንስ ታደየስ ዝበረ፡ ንዓይ ንኣቶ ኣቤል የውሃንስ ታደየሱ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና፡ 716-2 ቊ.ገዛ ብዕለት 24-07-205 ቊ.መዝ 177/2025 ብወሃብቶ ስለዝሃበኒ፡ ብስም ወዲ. ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ተቐባሊ ወሃብቶ ከምዝመሓላለፍ ኣፍልጥ።

ሩታ የውሃንስ ታደየስ
ሕጋዊ ወኪል ሰናይት ዞሚካኤል

ብስም ደሕደጋ ገብረ ፍስሃየ ዝተመዝገበ፡ ብቊ.ፍ.ዋኒን ASL00034418 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ድባርዋ ቊ.ገዛ 22 ዝርከብ ናይ መሸጢ ፕላስቲክን ውጽኢት ፕላስቲክን ዝግልገሉ ኣቑሑት ትካሊዩ፡ ንኣቶ ሚካኤል ሰረቀ ሃብተጋብር፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና ካርቦላ ቊ.ገዛ 32 ካብ ዕለት 01/11/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2007 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ደሕደጋ ገብረ ፍስሃየ
ሕጋዊ ወኪል ኤደን ጸሃይ ክፍለም

ኣነ ሑሴን ዓብዱራሕማን፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም01 (ምም/ን/ዞባ ማእከል ከተማ ) ጐደና ኣብርሃ ኣጽብሃ ቁጽሪ ገዛ 18 ቁጽሪ ሎታ 18 ቁ/ፕርቸላ C ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 109178 መወከሲ ቁጽሪ 121194 ብስም ኣቡሓጉና ነፍ/ ዓጣ ሑሰን ዓብደልቃደር ተመዝጊቡ ዋንኡ፡ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ክንዲ ወላዲና ነፍ/ ዓብዱራሕማን ዓጣ ሑሴን ተተኪእና ብውርሲ ዝረኸብናዮ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ሰነዳተይ ሐዘ ጉዳይ ክፍጸም ምኽንያይ ኢሕበር።

ሑሴን ዓብዱራሕማን

ኣብ ኣስመራ ዞባ 4 ምምሕዳር 10 ጎደና "ለ' ቁጽሪ ገዛ 8፡ ኣብ ን/ዞባ ጎዳይፍ ዝርከብ፡ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 119235 መወከሲ ቁጽሪ 128718/140618 ብስም ወረስቲ ነፍ/ር ዑቕባዝጊ ተወልደመድህንን ነ/ሪት ሓጎሳ ኪዳንን ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ፡ ብመሸጣ ዝዓደግኩዎ ንብረት ናብ ስመይ ከሰጋግር ስለ ዝደለኹ፣ ዝቓወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ግደይ ኢያሱ መንግስትኣብ

ብስም ልያ ገብረየሱስ ተስፋማርያም ዝተመዝገበ፡ ብቊ.ፍ.ዋኒን ASL00043562 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ኣፍዓበት ቊ.ገዛ 220 ዝርከብ ናይ ኤለክትሪክ ኣቑሑት መሸጢን መዓረይን ትካሊዩ፡ ንወ/ሮ በርሳቤል ገብረመስቀል ፍራይ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ኣፍዓበት ቊ.ገዛ 220 ካብ ዕለት 01/07/2025 ክሳብ ዕለት 30/06/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ልያ ገብረየሱስ ተስፋማርያም

ኣነ ህያብ ተቐባሊ ኑቲ ኣብ ን/ዞባ ኣባሻውል 1A119 ጎደና 119-7 ቁ/ገዛ 33 ፕሎት 41 ቁ/ፓርሰል ዞን ASP 00022358 ፓርሰል D ስፍሓት መሬት 70 ት/ሜትር፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1:000203/2 ብዘሎ ክፍልታት ቀንዲ 3 ሓገዝቲ ሓደ ክሽነ ሓደ ዓይኒ ምድሪ ዘለዎ መንበሪ ገዛ ህያብ ስለ ዝተዋህበኒ ካብ ስም ወላዲተይ ወ/ሮ ኣብርሀት ውሬታ ኣርኣያ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳት ኣቕሪበ ጉዳይ ክፈጸም ምኽንያይ ኢሕበር።

ኣቶ ደርግኣለም ፍስሃ ደስታቅ





## ዘሐጉስ ብስራት ካብ ፋብሪካ ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣስመራ ብ/ማ ሕበር (እንዳ ኣቺ)

ንህዝብን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ፡ እንቋዕ ናብ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ብሰላም ኣብጽሓኩም እናበልና፡ ኩሉ ዓይነት ፍርያትና ብርትዓዊ ዋጋ ቀሪብና ምህላዉና ነበስር።

**ዝተኸለሰ ጠስሚ**፡ንሓጺር ግዜ ዝጸንሕ ናይ ልዕሊ **16%** ምጉዳል ዋጋ ጌርና ምህላውና ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ቴ **115908/114180** ተወከሱ

**ፋብሪካ ጸባን ውጽኢት ጸባን ኣስመራ ብ/ማ ሕ በር (እንዳ ኣቺ)**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲ. ኣቶ ከስተ ማስፍን ኣይንኣለም (ጠበቓ ኣቶ መሓመድ ዓሊ. ሓሴን) ተኸሰስቲ 1. ወረ/ን/ሄር ኣብርሃም ባይሩ ክፍለ 1.1 ትሞኽስቲ ኣብርሃም 1.2 እዝየገኣምን ኣብርሃም 1.3 የሴፍ ኣብርሃም 1.4 ኤልሳ ኣብርሃም 1.5 ሕብረት ኣብርሃም 1.6 ወይኒ ኣብርሃም 1.7 ምስየና ኣብርሃም 1.8 ሃብተም ኣብርሃም 1.9 ኤርምያስ ኣብርሃም 1.10 ሰምረ ኣብርሃም 1.11 ሳሮን ኣብርሃም 1.12.1 ቢንያም ኤፍሬም 13. ትሕቲ ዕድመ ሳሌም ኣብርሃም 1.14 ት/ዕድመ ኢሳርያ ኣብርሃም 2. ኣቶ ብርሃ ምስገኑን ተከኤን ዘሎ ናይ ስም ዋንነት ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ዝምልከት ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ ቑ/1.4 ኤልሳ ኣብርሃም 1.5 ሕብረት ኣብርሃም 1.6 ወይኒ ኣብርሃም 1.7 ንስየና ኣብርሃም 1.8 ሃብተም ኣብርሃም 1.9 ኤርምያስ ኣብርሃም 1.10 ሰምረ ኣብርሃም፣ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቑ/41 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣብ ሞንጎ ብፍ/በ/ማሕል ዶ/ር ካሕሳይ ግርማጼን +3 ከምኡ'ውን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ ነፍ/ ግርማይ ብርሃ ግርማጼን ዘኾነ፡ ናይ ፈጻሚ ክርክር ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1. ሚለን ግርማይ ብርሃ 2. ማርያም ግርማይ 3. ዳንኤል ግርማይ ብርሃ 4. ፋኒኤል ግርማይ ብርሃ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ቑ/39 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ወ/ሮ ጸሃይ ዑቕባዝጊ ካሕሱ፡ ኣደይ ነፍ/ት ኣረጋሽ ወልደስላሴ መርእድ፡ ብህይወት ኣብዚ ዓለም ከላ ኑቲ ኣብ ዳዕሮ ጳውሎስ ፕሎት 6 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ዓይነት ህንጻ ተራ መንበሪ 5 ክፍሊታት ሓገዝቲ 2 ክፍልታት ብዝርዝር 5 ክፍሊ. 1 ክሽን 1 ዓይኒ ምድሪ ዘለዎ ብሰሜን ምስ መንገዲ ብደቡብ ምስ ውሉሽ መሓሪ ብምብራቕ ምስ ኣብርሀት ገብረክርስቶስ ብምዕራብ ድማ ምስ መንገዲ ዝዋሰን ብመለለዪ ቑ/ንብረት 1፡ 011127 ብስም ነፍ/ት ኣረጋሽ ወልደስላሰ መርእድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብዕ15/03/2017 ብቑ/መዝ 114/2017 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብህያብ ሂባትኒ። ስለዚ ድማ ብዝገበረትለይ ወህብቶ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቑ/41ይቐረብ።

ታቦቱ ብርሃ ንጉሱ፡ ተጸዋዒ ሻም መድሃኔ ፍሩ፡ ንዓኻ ዝምልከት ናይ ጥፋእ ምርግጋጽ ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ን30/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቑ/47 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኣቶ ተኸስተ ሃይለ ገዝሀይ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ፈቨን ተኸስተ ሃይሉ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለዘሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቑ/41 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እ'ኽሊ.

ተኸሰስቲ 1. ኣማኑኤል እዮብ ተኽለሚካኤል 2. ኤልሳ እዮብ ተኽለሚካኤል 3. ዳንኤል እዮብ ተኽለሚካኤል 4. ኣስቴር እዮብ ተኽለሚካኤል 2. ተኸሳሲ. 1. ጸሃይሽ እዮብ ተኽለሚካኤል 2. ሳሙኤል እዮብ ተኽለሚካኤል 3. ብርሃ እዮብ ተኽለሚካኤል 4. ትርሓስ እዮብ ተኽለሚካኤል፣ ብኮሳሲ. ወራ/ነፍ እዮብ ተኽለሚካኤል ወራ/ነፍ ለተብርሃን ስብሃቱ ወ/ሮ ሊያ እዮብ ተኽለሚካኤልን ንጉዳይ ምቕሊት ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ. ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ት/ዕድመ ሄኖስ መርሃዊ ጸጋይን ት/ዕድመ ናኤል መርሃዊ ጸጋይን፡ ኣቦና መርሃዊ ጸጋይ ተሰፋማርያም ስለዝተሰውኡ፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ርግበ ሃይለ ወልደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ለተሃይማኖት ተኽለገርግሽ መድህን ምባል ተሪፉ፡ ሃይማኖት ተኽለገርግሽ መድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ጆሚላ በሻር ምባል ተሪፉ፡ ማርታ በሻር ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ቀዳዊ ፍጹምብርሃን ምባል ተሪፉ፡ ቀዳዊ ፍጹም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ንፍታሌም ቴድሮስ ገብረእየሱስ፡ ምባል ተሪፉ፡ ሩፍታ ቴድሮስ ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚላዊት ቴድሮስ ገብረእየሱስ ምባል ተሪፉ፡ ሚላት ቴድሮስ ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሓጂ በረኸ ዕዋል፡ ጓለይ ሰሚራ ሓጂ በረኸ ዕዋል ስለዝተሰውኣት፡ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ወልደጻዮን፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ተስፋብርሃን ሮኽረጻዮን ዘርእማርያም ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዝመራ ሃብታይ፡ ብዓል ቤተይ ሚከኤለ ገብሩይ ቀለታ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወከል ዘርኢጋብር በረሀ፡ ት/ዕድመ ኣቢኒር ዘወልደመድህን ምባል ተሪፉ፡ ኣቢኒር መድሃኔ የውሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልጋሽ ተስፋይ ጊላዝጊ፡ ኣቦይ ተስፋይ ጊላዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ተስፋሚካኤል ኣብርሃ ጸጋይ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋሚካኤል ኣብርሃም ጸገ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ካሌብ ፍራይ ተስፋሚካኤል ምባል ተሪፉ፡ ያፌት ፍራይ ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ለተንገሰ ተኽለሃይማኖት ገብረመስቀል፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ሃብቱ ኣብርሃ ፍረዝጊ. ናይ ኣጦት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዲባሩባ

ወ/ሮ ሙሉ ሰመረ ዑቕባዝጊ፡ ሓፍተይ ንግስቲ ሰመረ ዑቕባዝጊን ምሕረት ሰመረ ዑቕባዝጊን ምባል ተሪፉ፡ ምሕረት ሰመረ ዑቕባዝጊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣነ ወ/ሮ ትርሓስ በየነ ወለጊዮርጊስ ዝተባህልኩ፡ ኑቲ ኣብ ን/ዞባ ኣቖሸውል ዞባ 7 ምም/ 12 ጎደና 407'ሀ ቑ/ገዛ 148/150 ስፍሓት መሬት 212.35 ት/ሜትር፡ ቑ/ሎታ 34 ቑ/ፓርሰል "C" ብቑ/ምስክር ወረቐት 100424 መወከሲ. ቑጽሪ 107991 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ብስም ወላዲና ነፍ/ሄር በየን ወልደጊዮርጊስ ኣድጎይን፡ ብስም ወላዲትና ነፍ/ሄርቲ ግደይ ኣስፍሃ ሚከኤል ዝተመዝገበ መንበሪ ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ሕጊ. ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መእገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ።

ትርሓስ በየነ ወልደገርጊስ

## ምልክታ ጨረታ

ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዓዲ-ቐይሕ ኣብ ኮለጅ ንዝርከብ ቤት ሻሂ ካብ 01/01/2025 ክሳብ 31/12/2027 ንክልተ ዓመት ዝጸንሕ ከካርዮ ስለ ዝደለየ፣ ተወዳደርቲ ንጨረታ ይዕድም።

ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት

1. ተጫረትቲ ናይ ቤት ሻሂ ሊቸንሳ ዘለዎምን ሃገራዊ ግቡኦም ዝማልኡን ክኾኑ ኣለዎም፡ መረጋገጺ. የቕርቡ።
2. ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ የቕርቡ፣
3. ናይ ዓመት 2024 ግብሪ ዝኸፈሉ፤
4. ንኣገልግሎት ዝውዕል መሳለጥያታትን ንብረትን ባዕሎም የቕርቡ፣
5. መንነት ወረቐትን ኮርትን ፎቶ ኮፒ የቕርቡ፣
6. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 10 ናይ ዝተረኽበሉ ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ዝርከብ ጨ/ቤ/ጽ/ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ብወግዒ. ጨረታ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ (10,000) ናቕፋ ብCPO የትሕዙ።
8. ተጫረትቲ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
9. ንተወሳኺ. ሓበሬታ፡ ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ጨ/ቤ/ጽ/ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ብምምጻእ ወይ ድማ ብቑ.ተሌፎን 08371388/ 07119141ብምድዋል ክትወከሱ ትኽእሉ።
ሓበሬታ ንዝደለ፦ ፎርም ናይ ጨረታ ኣብ ቑ.308 ወይ ድማ ኣብ ቑ.309 ጨ/ቤ/ጽ/ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብምምጻእ ክትወስዱ ትኽእሉ።
10. ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዓዲ-ቐይሕ ዝሓሸ ኣማራጺ. ምስ ዝርከብ፡ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዓዲ-ቐይሕ

## ንኻልኣይ ግዜ ዝወጸአ ምልክታ ጨረታ

ጉዳይ፦ ምቕላሕ መግቢ. ሕሙማት ናይ 2026 ዝምልከት
ኣሃዱ፦ ጨ/ሚ/ጥ/ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ.
ጨንፈር ሚ/ጥዕና ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ንዓመት 2026 ዓ/ም 01/01/2026 ክሳብ 31/12/2026 ዓ/ም ኣብ ትሕቲኡ ዝርከብ ሆስፒታላት ማለት ዞባዊ መወከሲ. ሆስፒታል ዓሰብ፡ ኮማዊ ሆስፒታል ዓዲ፡ ኮማዊ ሆስፒታል ጠዮ ንሕሙማት ዝውዕል ቀረብ መግቢ. ሕሙማት ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ መግቢ. ይዕድም። ተጫረትቲ ቅጥዒ መጫረቲን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ጨ/ሚ/ጥዕና ወይ ካብ ሆስፒታላት ይወስዱ።

ተጫረትቲ ከማልኡዎ ዘለዎም ነጥብታት፡

1. ሚ/ጥዕና ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ. (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስበሒ. ዘይብዙሖ ስጡይ ስጋ ከብቲን እንቋቑሖ ሆላንድ ፍሩይን፡ ዝተቓመመ ጥሑን በርበረ ጸባ ኒዶ ታኒካ፡ ማሰንበቲ ባኒን መጥሓኒ. እ'ኽሊ.ን) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሉም ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ. ሃገር፡ መንነት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ (ኑር መሓመድ ቑ.ቴሌ 660393 (072334034) ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100.00 (ሚኢቲ ናቕፋ) ከፊሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብዚ. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 5/1/2026 ሰዓት 9፡45 ቅ/ቀ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲን ክሳተፉ ዝደሊ. ሰብን ሰነሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽበሉ፡ ኣብ ነፍሲ. ወከፍ ሆስፒታላት ይኣቱ። ዕለት 08/1/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብዋግዲ. ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንኣሕምልትን ፍረታትን 10,000.00 ብሰፒኦ (CPO) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘፍቅዶ መሰረት ይካየድ።
9. ተጫራቲ ኑቲ ዝተዓወተሉ መግቢ. ብናቱ መጎዓዝያ፡ ናብ'ቲ ዝተዓወተሉ ሆስፒታል የቕርብ።
10. ጨ/ሚ/ጥዕና ዞ/ደ/ቀ/ባሕሪ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ቤ/ጽሕፈት ጨ/ሚ/ጥዕና
ኑር መሓመድ ሓ/ምም/ፋ/ጨ/ሚ/ጥዕና
ቑሳፖ 31 ቴለፎን 660393/661684 ኤርትራ ዓሰብ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ራሄዋ ኣማን በየን ዋሁብ ምባል ተረፉ፡ ራሄዋ በየን ወሀበይ፣ ስም ኣደይ ምሕረት መድሂኔ ኣርኣያ ምባል ተረፉ፡ ራሕማ መድሂኔ ኣርኣያ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/01/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ፋቱማ ኖራ ሮሞዳኑ ብዓል ቤተይ ጃምዕ ኣሕመድ ዑስማን ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ራሄዋ ሕድሪማርያም ዓንደማርያም ምባል ተረፉ፡ ራሄዋ ሕድሮም ዓንደማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሓሊማ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ሓሊማ ሓምድ ማንታይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ያቆብ ኣድሪስ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ ኣድሪስ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ኣደም መሳ ኣደም ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን KER0003834 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ኣጨርቕቲ ዱኳን (JCO) ትካለይ፡ ንኣቶ ወረ/ዑመር ኣደም መሓመድ፡ ኣድራሻ ከረን ከባቢ -1 ኣካርየ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ክራይ ውዕል ከምዝጸንዐ ንፈልጥ።

ኣደም መሳ ኣደም

---

ኣነ ወ/ሮ ናርዶስ ወልዳይ ገብረእየሱስ፡ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ናይ ብዓል ቤተይ ነፍ/ር ቀሺ. ጺጋይ ብርሃ ገብረ ዝኾንና፡ ብስም ብዓል ቤተይን ብስመይን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣብ ኣስመራ፡ ዞባ 5 ምም/02 ከባቢ ቤት መኻእ፡ ቁ/ገዛ 21 ብኮምሽን ኣባይቲ ቁ/ምክስር ወረቐት 111350 ብመወከሲ ቁ/134678 ዝፍለጥ ገዛ/ እዚ ሊብሬቶ ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝዘበል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቁ/ቴሌፎን 07134710 ክሕበረና፡ እንተዘይኮይኑ፣ መተካእታ ክወሃበና ክትሕግዙና ምዃንና ንሕበር።

ናርዶስ ወልዳይ ገብረእየሱስ
ብሕ/ወኪል መበራት ጺጋይ ብርሃ

---

ብስም ለምለም መሓሪ ሃይለ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00007600 ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ ዓረብ ረብዕ ቁ.ገዛ-ዝርከብ ናይ ቤት መስተ (ባር) ትካለይ፡ ንወ/ሮ ልኡላ ተስፋይ ገብረመስቀል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጋሻ ነፋሒ ዓርበ ረብዕ ቁ.ገዛ- ካብ ዕለት 01/12/2025 ክሳብ ዕለት 30/11/2035 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ለምለም መሓሪ ሃይለ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ምም/ከባቢ ዞን 2 ፕሎት 18 ፓርሰል B ስፍሓት መሬት 250.05 ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍሊ 2 ተሓሓጋዚ ክፍሊ ዝተደኮነ፡ ብስም ነ/ሄር ሸኽ መሓመድ ጣሃ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ፣ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራል ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደባርዋ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይ ክንውድእ ምዃንና ንሕበር።

ወ/ት መና ኸሊፋ ንጉሰሰን
ኣቶ ዓማር ኢብራሂም ዑስማን

---

ወ/ሮ ቤትኤል ኣርኣያ ሓድጉ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መሕደርን መሕጸብን መካይን ንግዳዊ ትካለን፡ "ኣርኣያ ሓድጉ መሕደርን መሕጸብን መካይን" (ARAIA HADGU PARKING LOT& CAR WASH) ተባሂሉ ክስየመለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝጸንዐ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ወ/ሮ ኣስማይት ሰረቐ ኢያሱ፡ ዝተፈቕደለን ናይ መጸገንን መሸጥን ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑት ንግዳዊ ትካለን "ኣይሮ መሸጥን መጸገንን ናይ ኤሌትሪክ ኣቕሑ" (AYRO ELECTRICAL ITEMS SHOP ) ተባሂሉ ክስየመለን ስለ ዝሓተታ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝጸንዐ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሻጣዊ ንግዲ

---

ብስም ሳባ ተወልደ ተስፋዝጊ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00037492 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ዋርሳይ ቁ.ገዛ 82 ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰላይት ዑቕባስላሴ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ናግራን ቁ.ገዛ 07 ካብ ዕለት 01/12/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ክራይ ውዕል ከምዝጸንዐ ንፈልጥ።

ሳባ ተወልደ ተስፋዝጊ
ሕጋዊ ወኪል ተወልደ ተስፋዝጊ ገብረመስቀል

---

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ከባቢ ማይ ኣንበሳ ዚፕ ኮድ 1A167 ፕሎት 35 ፓርሰል M ጎደና 167-8 ስፍሓት 150.00 ት/ሜ 3 ቀንዲ ክፍልታት፡ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍልታት ዘጠቓለለ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM007245/0 ብስም ሩማና ሓጎስ ኢብራሂም ዝተመዝገበ ተራ-ገዛ ናብ ዓዲጊ ቀሺ ተስፋይ ጊላሚካኤል ገብሩ ከመሓላልፎ ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክፍጽም ምዃንና ንሕበር።

ሩማና ሓጎስ

---

ኣነ ዳንኤል በራኺ ኢያሱ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ገዛባንዳ ዚፕኮድ 1A197 ፕሎት 21 ፓርሰል G&F ዝርከብ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 8,892 ብዕለት 11/11/2025 ብስም ኣቶ ሎረንዞ ፔትሮ በዚኒ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ካብ ኣቶ ሎረንዞ፡ ፔትሮ በዚኒ ስለ ዝዓደግክዎ፡ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ዳንኤል በራኺ ኢያሱ

---

# Notice

Notice is hereby given to the public that MONAB Private Limited Company is formed among the following members.

1. Name

| | Name | Nationality | Address | Shares |
|---|---|---|---|---|
| 1.1 | Mr. Musie Bokretsion Andemaryam, | Eritrean | Asmara, Eritrea | 60 |
| 1.2 | Mr. Niqodimos Bereketeab Zegiorgis, | Eritrean | Asmara, Eritrean | 40 |

2. The head office of the company shall be in Asmara, Eritrea. However, branch offices may be opened within the various regions of Eritrea. .
3. The Company has a share capital of 1,000,000.00 (one million) Nakfa at par value of 10,000 (ten thousand) Nakfa. All subscribed and fully paid up in cash.

A. The business objectives of the Company includes:-
B. Engage in the activities of animal breeding such as, sheep rearing, cattle breeding, dairy, poultry as well as swine farming and beekeeping;
C. Process, fodder, forage, compost as well as animal and dairy products and market them;
D. Engage in import/export and wholesale and retail business;
E. Open Pastry as well as café and market cakes, pies other sweet baked food, sale hot drinks such as tea, milk shakes, soothes, Popsicle, cream, soft drinks and ice:
F. Open and operate Bakery and produce verities of loaves, biscuits and other subsidiary food staffs;
G. Generally, the Company shall involve in all such other businesses activities as may appear to it incidental or conducive to the attainment of the above objectives or any of them.

4. The Company is established for unlimited period of time
5. Mr. Musie Bokretsion is appointed as the manager of the company for unlimited period of time.

MONAB Private Limited Company

# ቴክኖሎጂ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ካበይ ናበይ

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ታሪኽ ወዲ ሰብ ብብርክት ዝበለ ኣደናቒ ምህዞታትን ፈጠራታትን ዝተመልአ እዩ። ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ኣብ ኣብጠሉ ዝርከብ ጸገማት እናተጠቐመ፣ ህይወቱ ንምምሕያሽ ወትሩ ምስ ጸዓረ እዩ። ካብቲ መድረኽ ኣትሒዙ ክሳብ ዘለናዮ 21 ክፍለ ዘመን ብርክት ዝበሉ ኣደነቕትን ዓበይትን ምህዞታት ኣብ ሰራሕ ወዓለም ህይወት ወዲ ሰብ ኣብ ምምሕያሽን ምብልጻግን ዓቢ ተራ ተጻዊቶም ኣለዉ።

ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 20 ክፍለ ዘመን ተማዚዙ፡ ኣብዚ እዋን ኣገል ዕለታዊ ህይወት ሰባት ክኸውን በቒዑ ዝርከብ ቴክኖሎጂ ሰብ ሰርሖ ብልሒ እዩ። ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ኣብ ዝሓለፈ 70 ዓመታት ኣድላይነቱ እናዓበየ፡ ኣብቲ ዓውዲ ዝቐበሩ መጽናዕትታት ድማ እናተራቐቑን ኣብ ምኻድ ይርከብ። ኮምፕዩተር ከም ሓደ ኣጉዓሲ ምህዞ ኣብ ጥቕሚ ካብ ዝወዓለሉ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ምርቓቕ ዓውዲ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዓቢ ተራ ዘዘጻወተ እዩ። ማዕረ ምርቃቕ ኮምፕዩተርን ካልእ ዲጂታላዊ መሳርሒታትን ሰብ ሰርሖ ብልሒ ከም ቴክኖሎጂያዊ ርኽበት ኣብ 1950ታት ክቀላቐል ጀሚሩ።

ዝምናዊ ቴክኖሎጂ ሰብ ሰርሖ ብልሒ መሰረት ዘጸፍሩ መጽናዕትታት፡ ኣብ 1956፡ ብኽኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ዝኾኑ ሊቃውንቲ፡ ኣብ ዳርትማውዝ ኮሌጅ ዝበሃል ኣብ ነው ሃምፕሻየር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተጀመረ እዩ። እዮም ሊቃውንቲ፡ ክኢላታት ኮምፕዩተራዊ ስነ ፍልጠት ኮይናም፡ ከም ጆን ማካርቲ፡ ኣለን ነወል፡ ሀርበርት ሲሞን፡ ማርቪን ሚንስኪ፡ ኣርቱር ሳሙኤል ዝኣመሰሉ እዮም። እዞም ክኢላታት፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብዚ እዋን በጺሕዎ ዝሎ ደረጃ ዝሕግዙ ብርክት ዝበለ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘፍረዩ ምኳኖም ይጥቀሱ።

ኣብ መጀመርያ ዓመታት ምዕባለ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ እቲ ቴክኖሎጂ፡ ቀማሪታት ሕሳብ ከም ኣልጀብራ ዝኣመሰሉን ቋንቋ እንግሊዝን ዘጠቓልሉ ሶፍትዌራት ንመፈተኒ ተባሂሉ ተጻዊኑ። ኣብ መፋርቕ 1960ታት መንግስታት ምዕራብ ንተራ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ክየገዝብዎ ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ንብርክት ዝበሉ ኣብቲ ዓውዲ ዝተገብሩ መጽናዕትታት ክድግም ጀሚሩ።

ነቲ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝብል ቃል ንመጀመርታ እዋን ዝተጠቐመሉ ጆን ማካርቲ ዝበሃል ክኢላ ኮምፕዩተራዊ ስነ ፍልጠት ኮይኑ ኣብ 1955 ነይሩ። ጆን ማካርቲ ንሰብ ሰርሖ ብልሒ ክገልጾ ከሎ "ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ብኣእምሮን ብልሕን ሰባት ዝተሰርሐ ማሽን ኮይኑ፡ ንህይወት ሰባት ኣብ ምቅላልን ምምሕያሽን ዝውዕል ምህዞ እዩ" ክብል ይጠቕሶ።

ብዘይካዚ ክኢላታት ኮምፕዩተራዊ ስነ ፍልጠት፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ "ንዝተዋህቦ ሓበሬታ ብዝተፈላለዩ ብምርዳእን ምፍላጥን፡ ተዓጻጻፍነት ብዝተመልአ መንገዲ፡ ንዝተዋህቦ ዕማማት ብስሉጥነት ዘተግበር ማሽን እዩ" ኢሎም'ውን ይገልጽዎ እዮም። ምስ ምህዞ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ተተግሂዱ ቀጺሉ ዝለዓል ኣምር ኣልጎሪዝም ዝብል እዩ። ኣልጎሪዝም፡ ንሓደ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ንጥፈታቱ ንኽሰላስል ዝውጽኦ መምርሒታት፡ ሓበሬታ፡ ዳታ የጠቓልል።

ሀርበርት ሲሞን ሓደ ካብቶም ኣብ ምምዕባል ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ ሊቃውንቲ ምኳኑ ይጥቀስ። ሀርበርት ሲሞን፡ ሓደ እዋን ኣብ ዘሰፈሮ መጽናዕቲ፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ በዚ ዘለዎ ዕቤት እንተቐጺሉ ንመጻኢ ብርክት ዝበሉ ብደቂ ሰብ ዝፅመሙ ዕማማት ክፍጽም ከም ዝኽእል ገሊጹ ነይሩ። ምዕባለን ዕቤትን ሰብ ሰርሖ ብልሒ ብርክት ዝበለ ክብን ለጠቕታን ዝተራእየ እዩ።

ኣብ 1956 እቲ ምህዞ ምስተቐላቐለ፡ ብርክት ዝበሉ መንግስታትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ምስኡ ንዝተሓሓዝ መጽናዕትታት ኣብ ምምዋል ዓቢ ተገዳስነት ኣርእዮም ነይሮም። ጸኒሖ ግን ኣብ 1970ታት፡ ከም መንግስታት ኣመሪካን ብሪጣንያን ዝኣመሰሉ ኣብ ምምዋል መጽናዕትታት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዓቢ ተራ ዝበርዎ ኣካላት ጠመተኦም ናብ ካልእ ጽላታት ክዝብሩ ጀሚሮም። እዚ ድማ ኣብቲ ጽላት ንዝተገበረ ዝበረ ወፍርታትን ምውላትን ናብ ካልእ ከም ዝዘንበል ገይሩ።

ክሳብ መፋርቕ 1980ታት ዝበረ ዓመታት ድማ፡ ኣብቲ ጽላት ዝበረ ተገዳስነት ጎዲሉ'ዩ። እዚ መድረኽ እዚ ብኽኢላታት እቲ ዓውዲ "ሓጋይ ሰብ ሰርሖ ብልሒ."(ai winter) ዝብል ሰያመ ተዋሂብዎ። ናይዚ ምኽንያት ድማ ኣብቲ ጽላት ንዝተገበረ ፕሮጀክታትን መጽናዕትታትን ዝኸውን ምውላታት ኣዝዩ ብምጉዳሉ እዩ። ካብ መፋርቕ 1980ታት ንደሓር ግን ኣብ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝበረ ኣገዳስነት ብምዕባዩ፡ ብርክት ዝበሉ ዓበይቲ ኮርፖረሽናትን መንግስታትን ወፍርታቶም ክዕብዩ ጀሚሮም።

ኣብ 1985 ኣብ ዲጂታላዊ ዕዳጋ ዝገደሱ ክኢላታት ቁጠባ ኣብ ዘቐረብዎ መጽናዕቲ፡ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ናይ ቢልዮናት ዶላር ዕዳጋ ናይ ምኳን ተኽእሎ ከም ዘለዎ ንምጊሞም ነይሮም። ኣብ 2025 ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከም ዘጽረዎ ድማ እዚ ዓውዲ ናይ ትሪልዮናት ዶላር ኢንዱስትሪ ንምኳን በቒዑ ኣሎ።

ኣብዚ ጽላት ብቐዳምነት ካብ ዝጥቀሱ ኮርፖረሽናት ድማ ኣብ ሳንታ ክላራ - ካሊፎርንያ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝመደበሩ ትካል ኒቪዲያ (nvidia) እዩ። እዚ ዓርሞሽሽ ትካል'ዚ፡ ኣብዚ እዋን ናይ 4 ትሪልዮን ዶላር ዝኾነት ዋጋ ከም ዘለዎ ይጥቀስ፣ከም ጉግል፡ ማይክሮሶፍት፡ ኦራክል ዝኣመሰሉ ኣብ ዓውዲ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ዝሰጥፉ ትካላት'ውን ናይ ትሪልዮናት ዶላር ዋጋ ከም ዘለዎም ይጥቀሱ። ብዘይካዚ ኣብ ኤሲያ ዝመደበሮም ትካላት ሀዋወይ፡ ሳምሱንግ'ውን ኣብቲ ጽላት ዓቢ ስም ክዝብሩ በቒዖም ኣለዉ።

ካብ መጀመርያ 1990ታት ጀሚሩ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ኣብ ጥቕሚ ወዒሉ። ዝተፈላለዩ ጽላታት ከም ጥዕና፡ ሎጂስቲክ፡ ሕርሻ፡ ፋይናንስ፡ ቁጠባ፡ ምሕደራ፡ ኢንዱስትሪ ኣቪየሽን፡ ኢንዱስትሪ ኣጸዋር፡ ምክልኻልን ካልኦት ጽላታትን ተጠቃምነት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝርኣየሉ ዘሎ እዩ። ብሓጺሩ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ጥቕሚ ዘይወዓለሉ ጽላታት የለዉን። ኣብ ምቕራብ ሓበሬታ ዓቢ ተራ ዝበርዎ ከም ጉግል ዝኣመሰሉ ትካላት ቴክኖሎጂ፡ ሎሚ ብኸፀም ዲፕ ሰክ (deepseek)፡ ቻት ጂፒቲ (chat-GPT)፡ ኦፕን ኤኣይ (Open AI)፡ ቻት ቦት (chatbot) ዝኣመሰሉ፡ ዝሓተትካዮም ሓበሬታ ኣብ ምቕራብ ዓቢ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ፡ ወጽኢት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝኾኑ ኣፕሊኬሽናት ከቢድ ውድድር ገጢምዎም ይርከቡ።

ንጥቕሚ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ምስ ናይ ሰብ ደረጃ ብምውድዳር ወጽኢታውነቱ ንምርግጋጽ ክክኣል ብዙሕ ፈተነታት ተኻይዱ እዩ። ናይዚ መርኣያ ኣብ 1997 ዝግበር ውድድር ቸዝ ዝመልከ ኮምፕዩተር ሰስተም እዩ። እዚ ንፈተና ተባሂሉ ዝግበር ኮምፕዩተር ኣፕሊኬሽን ኣብቲ እዋን ምስ ናይ ዓለም ዕውት ቸዝ ዝበረ ጋሪ ካስፓሮቭ ገጢሙ። ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንጋሪ ካስፓሮቭ ክስዕሮ በቒዑ። ካብዚ እዋን ኣትሒዙ ድማ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ካብ ሰብ ንላዕሊ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝኣምኑ ክኢላታት ክበዝሑ ጀሚሮም።

ኣብ 2005 ኣብ ዝተገብረ ሓደ መጽናዕቲ፡ 2 ካብ 5 ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ዝሰጥፉ ትካላት ንሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ተጠቃምነት ኣውዒለን ነይረን። ብሉምበርግ ዝበሃል ኣመሪካዊ መጽሔት ኣብ 2015 ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ ግን 4 ካብ 5 ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ዝሰርሓ ዓበይቲ ትካላት ንሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣብ ስራሕ ኣውዒለን።

ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ኣብ ህይወት ወዲ ሰብ ኣምጺእዎ ዝርከብ ጥቕምታት ዓቢ እዩ። ገለ ንምጥቃስ፡ ስሉጥነት ስራሕ፡ ምቑጣብ ሃልኪ፡ ግዜ፡ ምቑጣብ ሃልኪ ጉልበት፡ ምንካይ ፋይናንሳዊ ወጻኢታት፡ ምዕባይ ፈጠራውነት፡ ቅልጡፍ ምልውዋጥ ሓበሬታ፡ ምጥፋእ መሃይምነት ብምጥቃም ዲጂታላዊ ኣገባብ ትምህርቲ፡ ምዕባይ ውሕስነት መጓዓዝያ፡ ኣቕርቦት ስሉጥ ሕክምናዊ ኣገልግሎት፡ ምንካይ ጌጋታት ኣብ ስራሕ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ጥቕምታት ንሰባት ኣብ ምሃብ ይርከብ።

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ገለ ጥቕምታት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ብርክት ዝበለ ኣሉታዊ ጎድንታት'ውን ኣለዎ። ካብቲ ዝዓበየ ኣሉታዊ ጎድንታቱ ንሰባት ናብ ሸቐለት ኣልቦነት ይመርሕ ምህላዉ እዩ። ብርክት ዝበለ ቅድሚ ሕጂ ብሰባት ዝሰሩ ዝበረ ስራሓት ሎሚ ብማሽናትን ሮቦታትን ኣብ ምትካእ ይርከብ። ዘ ኢኮኖሚስት ዝተባህለ ሓደ መጽሔት ኣብ 2025 ኣብ ዘሰፈሮ ሓደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኣመሪካ ሎሚ ብሰባት ዝፅመሙ ዘለዉ 30-50% ሚእታዊት ስራሓት ኣብ ዝመጽእ ዓመታት ብሮቦታት ክስርሑ ከም ዝኽእሉ የመልክት። ብዘይካዚ ካርል ቤኔዲክትን ሚካል ኦስቦርንን ዝተባህሉ ክኢላታት ኣብ ዘቐረብዎ መጽናዕቲ 47% ኣብ ኤውሮጳ ዘለዉ ስራሓት፡ ብሰብ ሰርሖ ብልሒ ናይ ምትካእ ሓደጋ የንጸላልዎም ከም ዘሎ ይጠቕሱ።

በዚ ድማ ብርክት ዝበሉ ሚልዮናት ሰባት ሸቐለት ኣልቦነት የንጸላልዎም ከም ዘሎ ይግለጽ። ኢሎን ማስክ ወናኒ ዝዓለ ብርኪ ትካል ተስላን ዝሉብተመ ናይ ዓለም ሰብ'ን እዩ። ንሱ ኣብ ሓደ ንኣገዳስነት ሰብ ሰርሖ ብልሒ ኣመልኪቱ ዝተወደበ መድረኽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ "ናይ ህዝቢ ዓለም መከራን ድኽነትን ንምቕራፍ፡ ሃልኪ ንምንካይን ሮቦታት ኣብ ኩሉ ጽላታት ከም ዝሰጥፉ ምግባር ኣገዳሲ እዩ" ክብል ጠቒሱ። ትካል ተስላ፡ ኣብ ዝመጽእ 10 ዓመታት 1 ሚልዮን ዝበዝሑ "ኦፕቲማስ" ዝተባህሉ ሮቦታት ናይ ምፍራይ መደብ ከም ዘለዎ'ውን ይጠቅስ። እዚን ካልእን መደባትን ተግባራዊ እንተ ኾይኑ ድማ ንብዙሓት ሰባት ሸቐለት ኣልቦነት ከም ዘንጸላልዎም ብዙሓት ክኢላታት ይገልጹ።

ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዝምጽኦም ቴክኖሎጂታት ኣብ ተጠቀምቲ ዘስዕቦም ዘለዉ ኣወላፍነት ካልእ ዝዓበየ ጸገም እዩ። ዘይቅርጸውይ ኣጠቓቕማ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ዘስዓቦ መዛዘ ብፍላይ ንመንእሰያት፡ ኣብኡ ጽግዕተኛታ ከም ዝኾኑ ብምግባር፡ ብርክት ዝበለ ስነ ኣእምሮኣውን ጥዕናውን ጸገማት የስዕበሎም ኣሎ። እዚ ድማ ናብ ቅዝነት፡ ዕግርቶ፡ ጭንቀት፡ ጸቕጢ፡ ሕርቃን፡ ክርሻ፡ ሕማም ሽኮር፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ዝኣመሰሉ ጸገማት ይመርሕ ኣሎ። ካልእ ኣሉታዊ ጎድኒ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ እቲ ቴክኖሎጂ ኣብ ኢድ ሰርሰርቲ (hakers)፡ ጉጅለታት ገበንን ግብረ ሽበራውያንን ኣብ ዝኣትወሉ እዋናት ሃብትን ህይወትን ንጹሃት ሰባት፡ ኣብ ምግባትን ምቕዛፍን ይውዕል ብምህላዉ እዩ።

ህቡብ ሊቕ ፊዚክስ ዝበረ ስቲቨን ሃውኪንግ፡ ኣብ ሓደ መድረኽ "ዝዓበየ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንደቂ ሰብ ዝፈጥሮ ስግኣት፡ ደቂ ሰብ ብዘበምታዊ መስርሕ ፍልቀት ዝገደቡ ብምኳኖም፡ ማሽናት ኣብ ሓጺር እዋን ብሉጽ ብልሒ ብምውናን ንሰባት ክሓልፍዎም እዩም" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ። ካልእ'ዚ ስግኣት ዕብለላ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ካብ ዝሓለፍዎ ማክ በስትሮም ይጥቀስ። ማክ በስትሮም "ፍሉይ ብልሒ - superintelligence" ኣብ ዝበል መጽሓፉ፡ ምዕባለ ሰብ ሰርሖ ብልሒ፡ ደረት ክግበረሉ እንተ ዘይክኢሉ ስልጣኑ ደቂ ሰብ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ የመልክት።

ዶክተር ዩቫል ኖህ ሃራሪ ዝተባህለ ካብ ኦክስፎርድ ዩኒቨርሲቲ ናይ ታሪኽ ምሩቕ ብወገኑ፡ "21 ትምህርታት ን21 ክፍለ ዘመን" (21 lessons for 21 century) ኣብ ዝበል መጽሓፉ ሰባት ኣብ ፈልምታት ብዘርኣይዎ ስግኣት ዕብለላ ሰብ ሰርሖ ብልሒ ክውሓጡ ከም ዝይብሎም ብምጥቃስ፡ "ሰብ ሰርሖ ብልሒ ንዓና ብዘይጎድእ መንገዲ፡ ክንጥቀመሉ ዝኽእል ንቕሓት ጥራይ እዩ ዘድልየና" ይብል።

ሰብ ሰርሖ ብልሒ ካብ'ቲ ዝመጻሉ እዋን ኣትሒዙ ክሳብ ሎሚ በጺሕዎ ዝርከብ ደረጃ ገስጋስ ኣደናቒ እዩ። ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ኣዝራእቲ ዛዕባታት ክኸውን'ውን በቒዑ እዩ። ዘለዎ እወታዊ ነገራት ብዙሕ እኳ እንተኾነ፡ ጉድኣቱ ግን ኣብ ምዝያድ ስለዝርከብ፡ ኣብ ኣጠቓቕማኡ ዘሎ ሓፈሻዊ ኣፍልጦን መረዳእታን ብምዝያድ፡ ሃናጺ ብዘኾነ መንገዲ ኣብ ተጠቃምነት ምውዓል መድረኽ ዝጠልቦ ግድነት እዩ።











# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኾታ

## ሳዕስዕ እሞ ስራሕካ ኣይትረስዕ

### ኣብዚ ዓመት ክንሰርሖ ዝመደብናዮ ስራሕ ጀሚርናዮዶ?

ካብ ሕሉፍ ተመኲሮና ተበጊስና፡ ኣብ ሓደ መዓልቲ ክህሉ ዝኽእል ለውጢ ክንግምቶ ንኽእል ኢና። ይኹን እምበር፡ ካብ 31 ታሕሳስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክሳዕ 1 ጥሪ ናይታ ቀጺላ እትመጽእ ሓዳስ ዓመት ዘሎ ናይ ሓደ መዓልቲ ፍልልይ፡ ብዙሕ ክቕየር ኢና እንጽበ። ኩሉ እንደልዮ ነገር ብሓሳብ ኣብ ርእስና ሒዝናዮ ስለ እንብገስ፡ ልክዕ ከም ከቢድ ጽዕነት ዝተጸዓንና ክኸብደና ይኽእል እዩ። ነዚ ንምፍኳስ፥ ንጹር ዕላማ፡ ብግዜ ዝዕቀን ውጥን፡ ስራሕና ንምዕዋት ዘድሊ ክእለትን ካልእን ክህልወና ከም ዘሎዎ ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ሰፊሩ ነይሩ። ንሎሚ ከኣ፡ ኣብ ዝመደብናዮ ግዜ መደብና ንምጅማር ዘኽእለና ነጥብታት ክንዝቲ። እኹል ቀድመ ምድላው፡ ኣብ ምጅማር ስራሕን ብዓወት ኣብ ምዝዛምን ኣገዳሲ ተራ ይጻወት'ኳ እንተኾነ፡ ኩሉ ብግቡእ ዝተመደበ ስራሕ ኣብ ዓወት ይበጽሕ እዩ ክንብል ግን ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ ገለ ግዜ፡ ደጋዊ ኩነታት'ዩ ዝጻባኣና፣ ዝበዝሐ ግዜ ግን ንምጅማር ስራሕ ዘደሊ እኹል ድርኺት ስለ ዘይጸንሕና እዩ።

ኣገዳስነት ናይ መደብና ተረዲኡና ዘውጻእናዮ ውጥን ንኽትግበር፡ ሓሳብን ክእለትን ጥራይ ዘይኮነ ስምዒት'ውን የድሊ'ዩ። ማለት ድርኺት፡ ተምሳጥ፡ ህንጡይነትን ካልእ ቀስቃሲ ስምዒታትን የድሊ። እቲ ፈለማ ኣብ ሓሳብን መደብ ምውጻእን ዝነበረና ልዑል ተምሳጥን ጸዓትን፡ ናብ ስራሕ ክንሰጋገር እንከለና ከሳልየና እንተ ዘይክኢሉ፡ ኣብ ምጅማር ይኹን ምቕጻል መደባትና ክንሽገር ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ መደባትና ኣጻፊፍና ናብ ምጅማር ኣብ እነብለሉ ግዜ፡ ንተገዳስነትናን ተምሳጥናን ዘዕቢ ነገራት ክንገብር ተመራጺ ይኸውን። ኣእምሮና ናብ ስራሕ ንኽብገስ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጸዓትን እኹል ተምሳጥን የድልዮ። ኣብ መደባትና ዘሎና ተገዳስነትን ተምሳጥን ንምዕባይ፡ ደጋጊምና ብዛዕባ ዕላማን ኣገዳስነትን እቲ ስራሕ ንነብስና ምዝኽኻር፣ ናይቲ ስራሕ ተመኩሮ ምስ ዘሎዎም ሰባት ምዕላል፣ እቲ ስራሕ ከምጽኦ ዝኽእል እወታዊ ጽልዋ ብተደጋጋሚ ምሕሳብን ምዝኽኻርን ዝኣመሰለ ንጥፈታት ከነካይድ ንኽእል። ገለ ካብቲ መደብና ንምጅማርን ንምዕዋትን ዘኽእል ብልሓውን ስምዒታውን ጥበባት፥

#### 1- እኹል ፍልጠት ገዛእ ርእስና ምህላው

መደብና ክንብምድ እንከለና፡ ብዙሕ ረቛሒታት ኣብ ግምት ኣእቲና ውጥን ኣውጺና ንኸውን ኢና። ኣብ ዝበዝሐ ግዜ፡ ውጥንና ንስምዒታትና ዝጉሲ ኮይኑ'ዩ ዝጸንሕ። ውጥንና ዝኣክል ሓበሬታ ናይ መደባትና ኣስፊሩ እንክነሱ፡ ብዛዕባ ኣብ መስርሕ ክሰናኽል ዝኽእል ባህርያትን ስምዒታትን ግን ኣካቲቱ ኣይጸንሕን። እንተ ሰልክዩና ወይ ቅጭ እንተ መጺኡና፡ መደብና ንኸይነሰጋግር ነብስና ብኸመይ ነማእዝን ዘይንፈልጥ እንተ ኴንና፡ መደብና ክንዲ ዝጸበቐ ይጸብቐ፡ ክጅመር ወይ ክቕጽል ኣይክእልን። ዝበዛሕና መደብና ከዐውተና ዝኽእል እወታዊ ስምዒትን ባህርን ኣብ ርእስና እናኣሰላሰልና ኢና መደብና እነውጽእ። ብዛዕባ ዘሎና ሓያል ጐድኒ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ንሓያል ጐድንና ነበረያ ነበረ ክገብር ዘኽእል ባህርያትን ስምዒታትን ዘይንፈልጦን ዘይነመሓድሮን እንተ ኴንና፡ ጉዕዞና በዳሂ ክኸውን እዩ።



#### 2- መደብና ምስ ባህርናን ስምዒትናን ከም ዝሳነ ምግባር

መደብ ከነውጽእ እንከለና፡ ገዛእ ርእስና ኣካል'ቲ መጽናዕቲ ብምግባር፡ ምስ ባህርናን ስምዒትናን ዝቃዶ መደብ ክህሉወና የድሊ። ናይ ንግሆ፡ ምስ ምሉእ ሓይልና ስለ እንበራበር፡ ኣገዳሲ መደባት ብቐዳምነት ክንሰርሕ ይምከር እዩ። ለይቲ ዘወግሓሉ፡ ንኽሓስብ ጽምዋ ዘድልዮ፡ ኣብ ቊሪ ዘበራብር፡ ምስ ሰብ ክሰርሕ ዝኽእል፡ እናሰርሐ ሙዚቃ ዝፈቱ፡ ወዘተ እናተባህለ ናይ ምስራሕ ኩነታት ከከም ሰቡ ክፈላለ ንሰምዕ ኢና። እዚ ረቛሒታት ኣብ በበይኖም ሰባት፡ ዝተፈላለየ ውጽኢት ወይ ጽልዋ እዩ ዘሎዎ። ስለዚ፡ ርእስና ኣብ ከመይ ዝበለ ኩነታት ዝሓሸ ናይ ስራሕ ስምዒት ወይ ምንቅቓሕ ኣሎዎ ምጽናዕን ምስ መደብና ምውህሃድ ክንገብርን የድሊ። ኣብ ልሙዕ ቦታ፡ ንጹህ ኣየር እናኣስተንፈስና ዝበዝሐ ሰዓታት ብተምሳጥ ክንሰርሕ ከም እንኽእል እንተ ኣስተብሂልና፡ ቦታ ስራሕና ኣትክልቲ ዘሎዎ፡ ጽሩይን ንምርኣዩ መሳጥን ብምግባር ዝሓሸ ናይ ስራሕ ሃዋህው ክንፈጥር ንኽእል። ተወሳኺ ዘነቓቕሓና ንጥፈት፡ እነዕርፈሉ ግዜ፡ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮና፡ ... ብግቡእ ምፍላጥን ኣብ ግምት ምእታውን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ምጅማር ወይ ኣብ መንጎ ስራሕ ስምዒታትና ክቀያየርን ንስራሕ በዳሂ ክኸውንን ምስ ዝጅምር፡ ዘዘናግዓና ንጥፈታት ከነካይድ፡ ድኻም ወይ'ውን ልዑል ጸቕጢ ከይከውን ምፍታሽ የድሊ።

#### 3- እወታዊ ነብሰ ምብህሃል ምኽያድ

ምስ ነብስና እነካይዶ ልዝብ፡ ንስራሕ ዝዕድም ድዩ ወይ ካብ ስራሕ ዘባኹር እዩ? ምስ ነብስና ክንዛረብ እንከለና ጽቡቕዶ ሕማቕ ስምዒት ይሰምዓና? ብዛዕባ መደብና ብምትእምማንዶ ነዕልል ወይስ ምናልባት ከይንፈሽል ኢልና ኣብ ውሽጥና ክንዕቅቦ ንመርጽ? ምስ ነብስና ክንዛረብ፡ ክንሰሕቐን ክንበኣስን ሰብ ምስ ዝርእየና፡ ብጥዕናና ይጠራጠር እዩ። እንተኾነ፡ ከይበዝሐ ምስ ነብስኻ ምዝርራብ ንቡርን ኣገድስን ንጥፈት እዩ። እወታውን ሃናጽን ምስ ዝኸውን ከኣ ካብቲ ናይ ካልእ ሰብ ዝህበና ዝሓሸ መማእዘኒ ሓሳብ ክንረክብ ንኽእል ኢና። ምስ ነብስና እንገብሮ ምብህሃል ኣሉታውን ወቓስን ጥራይ ምስ ዝኸውን ግን፡ ነብሰ ምትእምማንና ኣብ ሓደጋ ከእቱን ኣብ ምብጋስና ተስፋ ከም እንቖርጽ ክገብርን ይኽእል። እወታዊ ነብሰ ምብህሃል፡ ኩሉ ግዜ ብዛዕባ ነብስና ጸጽቡቕ ምዝራብን ኩሉ ክንገብሮ ከም እንኽእል ንነብሳና ምንጋር ማለት ኣይኮነን። ብዛዕባ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝፈሸለ መደብና ምስ ነብስና ክነዋግዕ ንኽእል ኢና። እዚ ወግዒ'ዚ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ካብ ዝሓለፈ ጌጋና ተማሂርና ዝሓሸ ስራሕ ብኸመይ ንሰርሕ ዝሕግዝ ምስ ዝኸውን፡ እወታዊ ነብሰ ምብህሃል ክንብሎ ንኽእል ኢና። ስለዚ፡ ብስም እወታዊ ነብሰ ምብህሃል ነብስና ክንጥብር ዘይኮነ፡ ብቕንዕና ብዛዕባ ዘሎና ሓያልን ድኹምን ጐድኒ ብኽንሰርሓሉ እንኽእል ኣገባብ ምስ ነብስና ወግዒ ምኽያድ እዩ።

#### 4- ሓገዝ ምሕታት

ስምዒት፡ ኣብ ውሽጢ ካልኢታት ክቕየር ዝኽእል፡ ተምሳል ትኪ እዩ። መደብ ከነውጽእ እንከለና ዝሰምዕና ልዑል ተምሳጥን ህንጥዩነት ከይወዓለ ከይሓደረ ናብ ልዑል ጸቕጥን ተስፋ ምቝራጽን ክቕየር ዝገትኦ የለን። እዚ ንሓደ ወይ ውሱን ሰብ ጥራይ ዝስምዖ ስምዒት ኣይኮነን። ስለዚ፡ ብተደጋጋሚ ምቅይያራት ስምዒት ይርኣየን ምስ ዝህሉ፡ ፈለማ ንቡር ምኳኑ ክንርዳእ የድሊ። እንተ ክኢልና ንምምሕዳሩ ክእለት ከነማዕብል የድሊ። ስምዒት ናይ ምምሕዳር ክእለት ክሳዕ እነማዕብል፡ ሓገዝ ናይ እንኣምኖም ሰባት ክንሓትት ጸገም የብሉን። ምስ ካልእ ሰብ ምዝራብ ንዝጸንሕና ጸቕጢ ከፋኹሶልና ይኽእል። ምኽርን ማዕዳን፡ ናይቲ እነማኽሮ ዘሎና ሰብ'ውን መፍትሒ ጸገምና ክኸውን ይኽእል እዩ።

ዓመት 2025 ክዛዘም ምስ ቀረበ፡ ኣብቲ ዓመት ክንዓዮ ዝመደብና መደብ ከም ዝዓየናዮ፡ ብዓይነትን ብዝሕን ገምጊምና፡ ካብኡ ተበጊስና ከኣ ዘደለብናዮ ተመኲሮ ኣብ ግምት ብምእታው ናይ ዝመጽእ ዓመት ብውልቂ ይኹን ብደረጃ ትካል መደባት ክንውጥን ቀኒና። ንዝሕለፍናዮ ጥዑም ግዜ፡ ዘደለብናዮ ተመኲሮን ፍልጠትን ብምጽንባል ን2026 ብተስፋን ጽቡቕ ምንዮትን ተቐቢልናያስ ድሮ ክልተ መዓልቲ ኣቝጺርና ኣለና። ሎሚ ቀዳማይ ናይ ስራሕ መዓልቲ ናይዛ ሓዳስ ዓመት እያ። ስለዚ ክንሰርሖ ዝመደብና ስራሕ ጀምሪናዮዶ ኢልና ነብስና ክንፍትሽ ኣገድሲ ይኸውን።

መደብና ካብዛ ሎሚ መዓልቲ ምስ ዝፍልም ነቲ ዝሰዕብ መደባት ኣማእዛኒ ክኸውንን ተደማሚሩ ከኣ ነቲ ዝተጸበናዮ ውጽኢት ክህብ ዝኽእል። ሎሚ እንገብሮ ንጥፈት ከኣ ካብኡ ብዘይፍለ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ ይኽእል። ሎሚ ክንሰርሖ ወይ ክጅምሮ ዝግባእ ስራሕ ንጽባሕ እንተ ኢልና፡ ጽባሕ ናይ ክልተ መዓልቲ ክንሰርሕ ንግደድ። ሎሚ ናይ ሎሚ ሰሪሕና ናይ ጽባሕ ጽባሕ ከኣ ገለ ክፋሉ ክነቃልል እንተኺልና፡ ጽባሕ ናይቲ መዓልትን ካልእን ስራሕ ክንዓምም ንኽእል። ኣብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት ከኣ ካቢ ዝመደብናዮ ንላዕሊ ከም ዝሰራሕና ክንግምግም ንበቅዕ። ቅንያት ሓድሽ ዓመትና ከኣ ብምልኣትን ዕጋበትን ክንጽንብ ንበቅዕ። ንዓመታ ሓድስ ዓመትና ክጽብቐን ክሓምቕን ዝጸሉ ናይ ሎሚ ኩነተ ኣእምሮና፡ ኣተሓሳስባና፡ ክእለትናን ስምዒትና ስለዝኽዕነ ነዚ ሎሚ እንገብሮ ስራሕ ከም ወሳኒ ተራ ዘሎዎ ርእይና ብዕቱብነት መደብና ክነተግብር የድሊ።

## ሓደ ስጉሚ ዝያዳ ምስጓም



ብቐዳማይ ዲግሪ ትምህርተይ ክዛዝም እንከለኹ፡ ወዲ 20 ዓመት'የ ዝነበርኩ። ድሕሪ ምዝዛም ትምህርቲ ናብ ስራሕ ዓለም ክጽንበር ነበረኒ። ስራሕ ዓለም ካልእ ዝተፈልየን ሓድሽን ዓለም ስለ ዝኾነኒ፡ ገለ እንዶ እንተ ረኺብኩ፡ ምኽሪ ክህበኒ ዝኽእል እንተ ኩይኑ ንኣቦይ ሓተትኩዎ። ኣቦይ፡ ኣብ ሰራዊት ህንዲ ንነዊሕ እዋን ዘገልገለ፡ ፍሉጥን ንኣሽሓት ሰራዊት ዝመርሕን ሰብኣይ ነበረ። በቲ ወተሃደራዊ ብቕዓቱን ስብእናኡን ብሰራዊቱ ዝኽበር ኣዛዚ ነበረ። ኣካይዳኡ ስሩዕን ትኽ ዝበለን'ዩ፣ ግን ከኣ ምቅሉል ነበረ። ኣድናቖን ኣማንን ሰብ ብምንባሩ ምሉእ ናጽነት ዝህብ ነበረ።

"ብዛዕባ ስራሕ ዓለም ክመኽረካ እንተ ደሊኻ፡ ኣብ ቦታ ስርሐይ ምጻእ፡" ስለ ዝበለኒ ምስ ጸሓፊኡ ቈጸራ ብምሓዝ ናብ ቦታ ስርሑ ከድኩ። ኣብቲ ዓቢ ቤት ጽሕፈቱ ምስ ኣተኹ ዝደቀቕኩ ኮይኑ ተሰምዓኒ። "ሕጂ ናብ ስራሕ ዓለም ትቕልቀል ኣለኻ፡" ብምባል ዘረባኡ ጀመረ ኣቦይ፣ "ብዙሕ ክትዓሞ ዘሎካ ስራሕ ክወሃበካ እዩ፡" ብምባል ስቕ ኢሉ ጠመተኒ። ተሃንጥየ ተጸበኹዎ። 'ምኽሩ ሒዘ ንስራሕ ዓለም ኣይጋየሽሉን እየ፡' ኢለ እሓስብ ነበርኩ።

"እቲ ቀንዲ ክትገብሮ ዘሎካ፡ ነቲ ትሰርሖ ስራሕ እቲ ናይ መወዳእታ ዓቕምኻ ሃቦ። ካልኣይ ግዜ ኣብ ትዓዮ እዋን ከኣ ንእሽቶይ ወስኸሉ፡" በለኒ። እንታይ ክብለኒ ከም ዝደለየ ተረድኣኒ። "ተበግሶ ውሰድ፣ ኣመሓያሺ ወይ ኣማዕባሊ ኩን፣ ጥበበኛ'ውን ኩን፣ ኩሉ ግዜ ሓንቲ ስጉሚ ዝያዳ ስጉም፡" ይብለኒ ከም ዝነበረ ተረዳእኩዎ። ህይወተይ ምሉእ ከኣ በታ ምኽሪ ተመራሕኩ። ተጠቐምኩ ከኣ።

ምንጪ፤ መጽሓፍ ኣለዳ

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ጨ/ሚ/ትም/ን/ዞ/ሰሜናዊ ምብራቕ ቅድድም ብሽክለታ ኣካይዱ

ብጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰ/ምብራቕ ዝተወደበ ውድድር ቅድድም ብሽክለታ ማውንተይን ባይክ፡ ኣብ መንጎ ናይ ማእከላይ ደረጃ ተመሃሮ ብኽልተኡ ጾታ ዝተሳተፍዎ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ጸጸራት ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ተኻይዱ።

ፈለማ ውድድር ዝተሰርዓሉ ደቂ ኣንስትዮ ኮይነን፡ 23 ተቐዳደምቲ ናይ 12 ከሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር ኣካይደን። ኣብ መዛዘሚ ብዝተኻየደ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ቀዳመይቲ ሩፍታ የማነ ንኤልዳና ቴድሮስ (ክልቲአን ካብ ቤ/ም ሞዴል)ን ንኣርባል ሚካኤል ካብ ቤ/ትም ማይተሰፋን ኣኸቲላ ሕንጻጽ ረጊጻ።

ቀጺሉ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፡ 30 ከሎሜተር ንምሽፋን 50 ተቐዳደምቲ ኣብ ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ኣብ ናይ መዛዘሚ መድረኽ ብዝተገብረ ቅጽበታዊ ውድድር፡ ቀዳማይ ዮኣብ ኣቤል፡ ካልኣይ ሶሎሞን ተስፋይ ክልቲኦም ካብ ቤ/ትም ኣዱሊስ፡ ሳልሳይ ድማ ህያብ ተኽለይ ካብ ቤ/ትም ማይተሰፋ ብምዃን ናብ ፖድዮም ደይቦም።



ዝተዳለወሎም ናይ ወርቅን ብሩርን ኣሰን መዳልያ፡ ካብ ሓላፊ ጨ/ሚ/ትም ን/ዞ/ሰ/ምብራቕ መም/ደገል ዑ/ስሴ ሽልማቶም ከምዝተቐበሉ ጨ/ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

## ማሬስካ 2025 ብዕግርግር ድሕሪ ምዝዛሙ ካብ ቸልሲ ወጺኡ

ኤንዞ ማሬስካ - ዓሳሚ ናይ'ታ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ ሓምሻይ ደረጃ እትርከብ ቸልሲ ካብ ስራሕ ተኣልዩ።

እዚ ወዲ 45 ዓመት ኢጣልያዊ፡ ኣብ መውዳእታ ቀዳማይ ዓመቱ፡ ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ፡ ዋንጫ ዓለም ክለባት ድሕሪ ምዕዋቱ፡ ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ካብታ ክለብ ወጺኡ።

ቸልሲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ካብ ዘካየደቶ ሽዱሽተ ጸወታታት ነጥቢ ጥራይ ወሲዳ ካብ መራሒት ኣርሰናል ብ15 ነጥቢ ድሒራ ንዓመት 2025 ተፋንያታ'ላ።

ማሬስካ ዝሓለፈ ዓመት ንቸልሲ ኣብ ኮንፈረንስ ሊግን ዋንጫ ዓለም ክለባትን የዐዊቱዋ'ዩ። እንተኾነ ግን ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ተጻወትቱ ትሑት ቅዲ ጸወታ ብምንጻባረቖም፡ ምስ ላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ'ታ ክለብ ዝነበሮ ርክብ ከምዝኣሓሓለ ተሓቢሩ።

ብዚ ማሰሪት ቸልሲ፡ ኣብ'ቲ ጸገሕ ሰንበት ምስ ማንሲቲ እተካየደ ግጥም መን ከም ዝውክል ዛጊት ኣይተገልጸን ዘሎ።



ቸልሲ ኣብ ዝዘበቶ መግለጺ፡ "ቸልሲን ኣሰልጣኒ ኤንዞ ማሬስካን ተፈላልዮም ኣለው። ኤንዞ ኣብታ ክለብ ኣብ ዝጸንሐሉ እዋን ነታ ጋንታ ኣብ ኮንፈረንስ ሊግን ዋንጫ ዓለም ክለባትን መሪሑዋ። እዮም ዓወታት፡ ኣንዳሲ ኣካል ናይ ቀረባ ታሪኽ ናይታ ክለብ ኮይናም ክቕጽሉ እዮም። ኣብታ ክለብ ንዝነበሮ ኣበርክቶ ድማ ኣዚና ነመስግኖ። ንመጻኢ ጽቡቕ ዕድል ንምነየሉ" ኢሉ።

ኣብ መንጎ ማሬስካን ወሃንቲ ናይ'ታ ክለብን ዝነበረ ምትፍናን ዝኰልሓሉ፡ ድሕሪ ብ13 ታሕሳስ ኣብ ልዕሊ ኤቨርተን 2ብ0 ዝተዓወተሉ ግጥም፡ ካብ ዝጀመረ ጀሚሩ ዝሸፈኣ ግዜ ክቡል ድሕሪ ምግላጹ'ዩ።

ማሬስካ ብዛዕባ ርእይቶታቱ ብዝርዝር ካብ ምግላጽ ተቖጢቡ'ዩ። ንመን ዝዓለመ ምዃኑ'ውን ብንጹር ኣይገለጸን። እንተኾነ ግን ኣብ ዝመጽእ ዓመተ-ጸወታ ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ከምዝምለስ ብርእሰ ምትእምማን ገሊጹ።

ማሬስካ፡ ቸልሲ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ሜድኣ ምስ ቦርንማውዝ 2ብ2 ድሕሪ ምፍላሊያ፡ ንምዕቡናት ዜና ዝኾነ ምላሽ ኣይሃበን።

ጸብጻባት ከም ዝሕብርዎ፡ ሊያም ሮዘንዮር ኣብታ ምስ ቸልሲ ብሓደ ጉጅለ እትውሃን ስትራስበርግ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ነዚ መራሕነት ክትትኩ ትጽበዮ ይግበር።

## ነይማር ውዕሉ የሐዲሱ ፡ ምስ መሲ ምርኻብ የለን



ብራዚላዊ ነይማር ምስ ክለቡ ሳንቶስ ውዕል ንኸሐድስ ብምስምማዑ፡ ምስ ኢንተር ሚያሚ ወይ ኤውሮጳ ክጻወት ዝነበሮ ሕልሚ ከምዝቋረጸ ተኣሚኑ።

እዚ ኣብ ወርሒ ጥሪ 2025 ናብ ፈላሚት ክለቡ ዝተመልሰ ጉዱም ብራዚላዊ ኮኾብ፡ ናብ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2026ን ናብ መወዳእታ ካልእ ዓመትን ዝወስድ ሓድሽ ውዕላት ክፈርም ተዳልዩ ኣሎ።

ጸብጻባት ከምዝሕብርዎ፡ ነይማር ምስ ሳንቶስ ክሳብ 31 ታሕሳስ 2026 ኣብ ቪላ ቤልሚሮ ክጸንሖ ዝኽእል ውዕል ኣሎ። ኣብ ሓደ መድረኽ እዚ ወዲ 33 ዓመት ተጻዋታይ ናጻ ምርጫ ድሕሪ ምርካቡ፡ ሓድሽ ምርጫ ከልዕል ዕድል ረኺቡ'ዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ምሕዋይን ምህናጽን ኣካላቱ ይርከብ። መጥባሕቲ ብርኪ ኣካይዱ፡ ምስ ሰደርኡን ፈተውቱን ብቀረባ ዝራኸበሉ ከባቢ ምጽናሑ ድማ ሕጉስ ምዃኑ ይዛረብ።

ሳንቶስ ሓለቓ ጋንታኣ ሓድሽ ውዕል ክፍርም ምድላዩ ከምዝለዓሎ ገሊጹ።

ኣብታ ክለብ ወርሓዊ ብዝተመሳሰሊ ክፍሊት ምስ ናይ 'ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ቀወምቲ ተጻወትቲ' ዝዓረገ ክፍሊት ከምዝወስድ ይሕበር። ብዝወሃቦ ምስ (NR Sports) ናይ ምስሉ መሰል ውዕል ኣሎዎ፡ እዚ ድማ ንናይ ደሞዙ ወሰኽ ዘዘይድ'ዩ።

ነይማር ንዓመተ-ጸወታ 2025 ድሕሪ ምዝዛሙ፡ ንሳንቶስ ካብ ሓደጋ ምውራድ ብምሕጋዙ፡ ኣብ ቦትኡ ክጸንሕ ተሰማሚዑ'ሎ። ኣብ ወርሒ ሕዳር ካብ ማህሰይቲ ጭዋዳ ድሕሪ ምምሓሱ፡ ኣብ ሽውዓተ ጸወታታት ሓሙሽተ ሸቶታት ኣመዝጊቡ - ምስቲ ኣብ ልዕሊ ጁቬንቱድ ሃትሪክ ዝሰርሖ ተደሚሩ።

እዚ ናይ ቀደም ኣጥቃዓይ ባርሴሎናን ፒኢስጂን ኣብዚ ዓመት ኣብ ዝካየድ ዋንጫ ዓለም፡ ምስ ጋንታ ካርሎ ኣንቸሎቲ ንኻልእ ዓቢ ውድድራት ንምብጻሕ ብስሩዕ ክጻወት ክገድድ'ዩ።

## 'ወቕዒ ልቢ ኣይገጠመንን' ሮበርቶ ካርሎስ



ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድን ብራዚልን ነበር ሮበርቶ ካርሎስ፡ ብዛዕባ'ቲ ብወቕዒ ልቢ ይሳቐ ከምዝሎ ኪጋዋሕ ዝቖየ ዛንፈታ ኣመልኪቱ መጥባሕቲ ልቢ ከምዝተኻየደ እምበር እቲ ዝተባህለ ሓቂ ከምዘይኮነ ሓቢሩ።

እዚ ናይ ጼጋማይ ተኸላኻላይ ነበር፡ ፈለማ ኣብ እግሩ ብዝተፈጥረ ንእሽቶ ደም ምፍሳስ ናብ ሆስፒታል ዝኸደ ኮይኑ፡ ድሒሩ ግን ብዛዕባ ኩነታቱ ማሰሪት ዘይብሉ ሓበሬታታት ክቐርብ ተራእዩ።

ኣብ ምሉእ ኣካላቱ ድሕሪ ዝተኻየደ ናይ ኢምኣርኣይ መርመራ፡ ናይ ልቢ ጸገም ከምዘለዎ ተረጋጊጹ። እዚ ወዲ 52 ዓመት ተጻዋታይ ነበር፡ ን48 ሰዓታት ኣብ ሆስፒታል ኣብ ትሕቲ ምክትታል ድሕሪ ምጽናሑ፡ ኣብ ኢንስታግራም ወጺኡ፡ "ብዛዕባ'ዚ ኣብ ቀረባ እዋን ክዘዋወር ዝጸንሐ ሓበሬታ ክጸርር እፈቱ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ምስ ናይ ሕክምና ጉጅለይ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ ሕክምናዊ መስርሕ ተኻይዱለይ። ሕጂ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ኣለኹ። ወቕዒ ልቢ ኣይረኸበን" ክብል ጽሒፉ።

እዚ ብራዚላዊ ኮኾብ፡ ብጼጋማይ እግሩ ንክለባቱን ሃገሩን ብዙሕ ኣበርኪቱ እዩ። እዚ ተኸላኻላይ ኣካል ናይታ ኣብ 1998 ኣብ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም ዝበጽሐት'ሞ፡ ኣብ መዛዘሚ ጸወታ ብፈረንሳ ዝተሳዕረት ጋንታ ብራዚል ዝነበረ እዩ። ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመት ግን ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ብምዃን ዋንጫ ዓለም ዓቲሩ እዩ።

ካርሎስ ኣብ 1995 ምስ ኢንተር ሚላን ናብ ኤውሮጳ ቅድሚ ምጽንባሩ ምስ ክለብ ፓልሜራስ ጆኣው ይጻወት ነይሩ። ኣብ 1996 ናብ ርያል ማድሪድ ተጸንቢሩ፡ ኣብኡ ድማ ን11 ዓመታት ተጻዊቱ፡ ኣርባዕተ ግዜ ላሊጋ፡ ሰለስተ ግዜ ድማ ቻምፕዮንስ ሊግ ተዓዊቱ - ኣብ 2007 ናብ ፈነርባቸ ቅድሚ ምግዓዙ።

ካርሎስ ንሽልማት ባሎን ዲ ኦር 2002 እውን ተሓጺ'ዩ ነይሩ'ዩ። ድሕሪ'ቲ ኣብታ ዓመት ብራዚል ኣብ ዋንጫ ዓለም ዝተገናጸፈቶ ዓወት ወርቃዊ ጫማ ዝዓተረ ወዲ ሃገሩ ሮናልዶ ተኸቲሉ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ።

ካርሎስ ምስ ብራዚል ተሰለፉ ክልተ ግዜ ኮፓ ኣመሪካ፡ ሓደ ግዜ ድማ ዋንጫ ኮንፈደረሽን ተዓዊቱ።

## ውዕል ምሕዳስ ክርስቲያን ፑሊሲክ ተቛሪጹ



ኤሲ ሚላን ምስ ኣመሪካዊ ኮኾብ ክርስቲያን ፑሊሲክ ተወሳኺ ናይ ውዕል ዝርርብ እተካይደሉ ዕለት ከምዘቋረጾቶ ከምዝገለጸ ተገሊጹ። እዚ ኣብ ሳንሲሮ ወሳኒ ዝኾነ ኣጥቃዓይ፡ መጻኢኡ ምስ ዓበይቲ ክለባት ሰሪኣ ናይ ምጽናሕ መደባቱ ተደናገጸ'ሎ። ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ግን ኣብ ውድድር ዋንጫ ብምህላዉ፡ እዚ ወዲ 27 ዓመት ተጻዋታይ ምስታ ክለብ ዘለዎ ርክብ ክናውሕ ክእመሉ ተኽእሎ ኣሎ።

ፑሊሲክ ኣቐዲሙ ዝተፈረመ ውዕሉ ክሳብ 2027 ክቕጽል'ዩ ምስናይ ተወሳኺ 12 ኣዋርሕ ጽንሖት። ሚላን እንተውሓደ ካልእ ዓመት ኣብ ልዕሊ እዚ ውዕላት ክትወሰኸሉም ዊንታ ኣለዋ።

ብተደጋጋሚ ኣብ 2025 ወጥዓዊ ዕድመ ውዕል ምንዋሕ ተኣንጊዱሉ ነይሩ፡ ይኹን እምበር ብሪዒ ዝተኸተሎ ወረቐት ኣይፀበረን። ፑሊሲክ፡ ኤሲ ሚላን ናብ መጻረዪ ኤውሮጳ ክትሓልፍ ብዘይምኽኣላ ኣንፈት ናይታ ክለብ ከሳዕል ብምጅማሩ ቅሙጥ ዘተ ጥራይ ከምዝተኻየደ ይንገር።

ኣብ ምልሶት ዝርክብ ዓሳሚ ማሲሚልያኖ ኣለግሪ ምዕባለ ንምምጻእ ሓጊዙ'ዩ። ሚላን ናብዚ ሓዳስ ዓመት፡ ኣብ ላዕለዎት ክለባት ኢጣልያ ካልኣይቲ ብምዃን ካብ ቀዳሚት መወዳድርታ ኢንተር ብሓደ ነጥቢ ትስዕብ።

ብፍቕሪ ፈልም 'ካፕቴን ኣመሪካ' ከም ሳጓ ዝጠቐቖ ፑሊሲክ፡ ብሉጽ ብቕዓት ኣብ ሜዳ ከምዝገዝእርቕ ይፍለጥ።

ኣብዚ ዓመተ-ጸወታ ኣብ ሰሪኣ ፑሊሲክ፡ 14 ሸቶታትን ሸውዓተ ንሸቶ ዝኸፍትን ቀሪቡ።

እዚ ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ተዓዊቱ ቻምፕዮንስ ሊግ ዝኾነ ኮኾብ ቸልሲ ነበር፡ ናብ ፕሪመር ሊግ ክምለስ ምኻኑ ግምታት ክቐርብጸኒሑ'ዩ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይና፡ ምስ ደሴት ታይዋን ዘለዋ ሕብረት ቀጻሊ ምኳኑ ሓቢራ

ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ደሴት ታይዋን ምስ ሃገሩ ዘለዋ ሕብረት ዘይቋርጽ ምኳኑ፡ ኣብቲ ንሓዱሽ ዓመት ኣመልኪቱ ዘቕረቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ኣብ መግለጺኡ፡ ኣብ ክልተኡ ሸነኽ መጻብቦ ደሴት ታይዋን ዝርከቡ ቻይናውያን፡ ናይ ደም ዝምድና ከም ዘለዎም ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ምውህሃድ እታ ደሴትን ቻይናን ዘይተርፍን ብዘየባ ኣካል ከኣ ዘይዕገትን ምኳኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ ሆንግ ኮንግን ማካውን ኣብ ሓፈሻዊ ምዕባለ ቻይና ተራኣን ንኸጻውታኦ ንዋሕስ እዋን ዝቕጽል ብልጽግናን ምርግጋእን ንኽዕቅባን ቤይጂንግ ክትድግፈን ምኳና ገሊጹ።

ብመሰረት 'ፖሊሲ ሓንቲ ቻይና'፡ ቤይጂንግ ንደሴት ታይዋን ከም ፈጺማ ዘይትንጸል ኣካል ልኡላዊ ግዝኣታ ከም እትቖጽራ እያም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ቻይና፡ ደሴት ታይዋን ብሰላማዊ መንገዲ ምስኣ ክትሓብር ድሌታ ምኳኑ እያ ብተደጋጋሚ ትገልጽ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ናይ 11.1 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ኣጽዋር ንደሴት ታይዋን ክትሸጠላ ምኳና ድሕሪ ምሕባራ፡ ኣብዚ ሰሙንዚ፡ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ቻይና ኣብ ከባቢ እታ ደሴት ንኽልተ መዓልታት ዝቐጸለ ወተሃደራዊ ልምምድ ከም ዘካየደ፡ ምንጭታት ዜና ይሕብሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ድማ፡ ገለ ሃገራት ምዕራብ ካብ ግዝኣተን ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለን ደሴት ታይዋን ክረብሓ ክብላ፡ ነታ ደሴት ከም መሳርሒ "ስትራተጂያዊ ወተሃደራዊ መሰረት" ኣንጻር ቤይጂንግ ይጥቀማላ ከም ዘለዋ ወቒሱ።



## ሕ/ሃገራት፡ እስራኤል ኣንጻር ትካላት ረድኤት ንዝወሰደቶ ስጉምቲ ኮኒኑ

ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ነቲ እስራኤል ዘወጸኦ፡ ኣብ ምብራቕ እየሩሳሌም ዝርከብ ትካላት ረዲኤት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣገልግሎታት ማይን ኤለክትሪሲትን ንኽቋረጸለ ዘገድድ ሓዱሽ ሕጊ ብትሪ ከም ዝኾነኖ ተሓቢሩ።



ዋና ኮሚሽነር ትካል ረድኤት ሕቡራት ሃገራት (UNRWA) ፊሊፕ ላዛሪኒ ብወገኑ፡ እቲ ብእስራኤል ዝወጸ ሓዲሽ ሕጊ፡ ኣካል ናይቲ ንንጥፈታት ናይ'ቲ ትካል ረዲኤት ንምዕንቃፍን ሰሙ ንምጽላምን ዝዕለድ ዘሎ ቀጻሊ ዘመተታት እስራኤል ምኳኑ ብምግላጽ፡ ነቲ ስጉምቲ ኣትሪሩ ኮኒኑዎ ኣሎ።

እቲ ንፍልስጤማውያን ጸገማት ንምርዳእ ዝጣየፍ ትካል ረድኤት ሕቡራት ሃገራት፡ ካብ 2024 ጀሚሩ ኣብ ምብራቕ እየሩሳሌም ኮይኑ ዕማማቱ ክሰልጥ ምጽንሑ እያም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

እቲ ትካል ረዲኤት፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ፡ ምዕራባዊ ገምገም፡ የርዳኖስ፡ ሊባኖስን ሶርያን ንዝርከቡ ሚልዮናት ፍልስጤማውያን ናይ ትምህርትን ጥዕናን ኣገልግሎታትን ካልእ ሰብኣዊ ሓገዛትን ከም ዝቕርብ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብ መንጎ እስራኤልን እቲ ትካል ረዲኤትን ዘጸንሐ ዝምድና፡ ድሕሪ ኩናት ወሽመጥ ቓዛ ዝያዳ ካልእ እዋናት ክልሕልሕ ከም ዝጀመረ፡ በዚ ድማ እስራኤል እቲ ትካል ረዲኤት ፈረሱ ዘለዎ ሓለፍቲ ናብ ካልኦት ትካላት ሕቡራት ሃገራት ክረክቦ ብተደጋጋሚ ክትጸውዕ ምጽንሓ ይገልጽ።

ብተወሳኺ፡ መንግስቲ እስራኤል፡ ኣብ ቓዛን ኣብ ዝተንበጠ ምዕራባዊ ገምገምን ዝጥዩ 37 ትካላት ረድኤት፡ ብመሰረት ሓዲሽ ሕጊ ምዝገባ ዘደሊ ረቛሒታት ኣየማልኣን ክብል ድሕሪ ምኽሳሱ ንጥፈታተን ኣብ ውሽጢ 60 መዓልታት ከቦቕፅ ምኳኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ካናዳ፡ ዴንማርክ፡ ፊንላንድ፡ ፈረንሳ፡ ኣይስላንድ፡ ጃፓን፡ ኖርወይ፡ ሽወደን፡ ስዊዘርላንድን ብሪጣንያን ኣብ ዘወጽእኦ ሓባራዊ መግለጺ፡ ግን፡ እተን ኣህጉራውያን ዘይመንግስታውያን ትካላት ስርሐን እንተ ደኣ ኣቋሪጸን ሓደ ሰሶ ካብ'ተን ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝርከብ ትካላት ጥዕና ክዕጸዋ ክግደዳ ምኳነን ኣጠንቂቐን።

## ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ዕጸ ፋርስ ከም ዝጸዓና ዝገለጸተን ጀላቡ መጥቃዕቲ ኣካይዳ

ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ቬኑዝዌላ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ጸቕጢ እናኣሐየለቶ ኣብ እትኸደሉ ዘላ እዋን፡ ኣብ ምብራቓዊ ሰላማዊ ውቅያኖስ ሓቢረን ኣብ ልዕሊ ዝጉዓዛ ዝነበራ ዕጸ ፋርስ ከም ዝጸዓና ዝጠርጠረተን ሰለስተ ጀላቡ፡ መጥቃዕቲ ከም ዘካየደት ተሓቢሩ።




ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ኣመሪካ (ፔንታጎን)፡ ቅድሚ ኣብ ልዕሊ እተን ጀላቡ መጥቃዕቲ ምኻዩዱ፡ ትካላት ስለያ ሃገሩ፡ እተን ጀላቡ ኣብ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ካብን ናብን መራኽብ ከም ዝሳተፋ ዘረጋገጽ መርትዖ ከም ዝረኸበ ኣፍሊጡ።

እቲ ቤት ጽሕፈት ወሲኹ፡ ኣብቲ ቀዳማይ እብረ ናይቲ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ሓንቲ ካብ'ተን ጀላቡ ተሳፊሮም ዝነበሩ ሰለስተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብ'ተን ክልተ ዝተረፋ ጀላቡ ዝነበሩ ሰባት ግን ቅድሚ ኣብ ልዕሊአን መጥቃዕቲ ምኻዩዱ ናብቲ ውቅያኖስ ከም ዝዘለሉ ኣዝኪሩ።

ካብ ዝሓለፈ መስከረም ንደሓር፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣብ ምስግጋር ዕጸ ፋርስ ከም ዝጠዓ ዝገለጸተን 33 ጀላቡ ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ብውሕዱ 110 ሰባት ከም ዝተቐትሉ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ስዊዘርላንድ - ኣብ መዘናግዒ ማእከል ብዘጋጠመ ባርዕ ሓያሎ ሰባት ሞይቶም

ኣብ መዘናግዒ ማእከል ክራንስሞንታና - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝርከብ ሓደ ቤት መስተ ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ፡ ሓያሎ ሰባት ክሞቱ እንከለዉ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ሰባት ከኣ ከቢድን ፈኲስን ቃጸሎ ከም ዘጋጠሞም፡ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሩ።

ኣፈኛ ፖሊስ ጋይታን ላቲዮን፡ እቲ ባርዕ፡ በጽሒቲ ናይ'ቲ መዘናግዒ ማእከል ጸምብል ሓዲሽ ዓመት ኣብ ዘካይዱሉ ዝነበሩ ከባቢ ሰዓት 1:30 ናይ ለይቲ ከም ዝተኸስተ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ኣብቲ ባር ልዕሊ 100 ሰባት ከም ዝነበሩ ገሊጹ።

ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር፡ ንቑጽሪ ግዳያት ናይ'ቲ ባርዕ ኣመልኪቱ ዝኾነ ሓበሬታ'ኳ እንተ ዘይሃበ፡ 'ስካይ ኒውስ' ዝተባህለ ማዕከን ዜና ግን፡ በቲ ሓደጋ ብውሕዱ 10 ሰባት ከም ዝሞቱ ሓቢሩ ኣሎ።




## ዩክሬን፡ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ 24 ሰባት ተቐቲሎም



ዩክሬን፡ ግዝኣት ፈደረሽን ሩሲያ ኣብ ዝኾነት ዞባ ኬርሰን፡ ኣብ ድሮ ሓዲሽ ዓመት ብዘካየደቶ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ፡ ሓደ ህጻን ዝርከቦም ብውሑዱ 24 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት 29 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ዞባ ሓቢሩ።

እቲ ኣመሓዳሪ ወሲኹ፡ እቲ ኣብ ሓደ ሆቴልን ካፈን ኮይኖም ጸንብል ሓዲሽ ዓመት ዘካይዱ ንዝነበሩ ሰላማውያን ሰባት ዒላማ ከም ዝገበረ ዝገለጾ መጥቃዕቲ፡ ብሰለስተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ከም ዝተፈጸመ ገሊጹ።

ሰራዊት ዩክሬን ግን ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ሓበሬታ ዛጊት የለን።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ማርያ ዛካሮቫ፡ እቲ ብኪየቭ ዝተፈጸመ 'ሽበራዊ' ዝበለቶ መጥቃዕቲ፡ ደገፍቲ ዩክሬን ዝኾና ሃገራት ምዕራብ ክንቀፋሉ ዝግባእ ዘሕፍር ተግባር ምኳኑ ኣተሓሳሲባ።

ኬርሰን ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዩክሬን እትርከብ ዞባ ኮይና፡ ኣብ 2022፡ ፈደረሽን ሩሲያ ነታ ዞባ ድሕሪ ምቁጽጻራ ልኡላዊ ግዝኣታ ምኳና ብወግዒ ከም ዝፈለጠት ጸብጻባት የመልክቱ።